# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 25 ዓመት ቁ. 238 ዓርቢ 3 ሰነ 2016 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ናጽነት . . .



ገጽ 4
ጥዕና - ቅሉዕ ስትራተጂ፡ ቀጻሊ ኣገልግሎት



ገጽ 5
"ኩናት ኣይተጀመረን ዝፈርሁ ሰላም እዩ ዝደሊ"



ገጽ 8
መወናወኒ እዩ



ገጽ 9
ሰሚናር ካፍ፡ ንሕጋዊ ፍቓድ (ልቸንሳ) ክለባት ኩሶ እግሪ


## በረንቱ - ፕሮጀክት ቀረብ ዝስተ ማይ ተሃኒጹ



ስ/ ሰመረ እዮብ

ኣብ በረንቱ - ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ፡ ኣስታት 3 ሚልዮን ናቕፋ ዝወደኣ ፕሮጀክት ጽሩይ ዝስተ ማይ ተሃኒጹ ብ30 ግንቦት ተመሪቑ።

ኣብ'ቲ ናይ ምምራቕ ስነስርዓት፡ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ያቆብ እድሪስ፡ ነበርቲ ብቐረባ ማይ ዝረኽብሉ ምንጪ ስለዘይነበሮም፡ ብፍላይ ኣደታትን ቆልዑን ይሽገሩ ምጽንሖም ብምዝካር፡ በዚ ተሃኒጹ ዘሎ ብሮጀክት ማይ እቲ ጸገም ከም እተቓንጠጠ ሓቢሩ።

ኣብ ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባ ጋሽ ባርካ ሓላፊ ጨንፈር ውጥን ከተማታትን ኣብያትን ኢንጅነር ዘርኡጋብር ሕድራይ ድማ፡ እቲ ፕሮጀክት ንኣስታት 4 ኪሎሜተር ዝዘርግሐ ሻምብቆታት፡ ሰለስተ መዐደሊ ንቑጣታት፡ ሓደ ማይ ዝኽዘን ባኞን ብጹሓያዊ ጸዓት ዝሰርሕ መጨንገዊን ከምዝጠቓልል ገሊጹ። ህዝቢ ብውሕሉል ኣገባብ ክጥቀመሉ ድማ ተላቢዩ።

ነበርቲ ብወገኖም፡ ካብ ኣፍደገ ገዝኦም ጽሩይ ማይ ክስትዩ ብምብቕዖም ሓጎሶም ድሕሪ ምግላጽ፡ ፈቓዶ ቦታታት ፋሕ ኢሉ ዝነበረ ህዝቢ ኣብ'ታ ዓዲ ይጥርነፍ ስለዘሎ፡ ተወሳኺ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ክዋደደሎም ኣዘኻኺሮም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣቶ ዓሊ ማሕሙድ ኣብ ዘስመዖ ናይ መዛዘሚ ቃል፡ መረር ቃልሲ ዘሕለፈ ህዝቢ ኤርትራ ተጠቃሚ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ክኸውን መንግስቲ ልዑል ኣቓልቦ ሂቡ ይሰርሕ ከምዘሎ ጠቒሱ፡ ዛጊት ከከም ቀዳምነታቶም ዝተሰላሰሉ መደባት ብቐሊል ዝጥመቱ ከምዝይኮኑ ኣበሪሁ።

## ጎኒ - ሚላታት ምክልኻል ሕማም ዓሶ ክሕይል ይሕተት

ህዝቢ ንኡስ ዞባ ጎኒ፡ ብኮም ተወዲቡ ኣብ ምክልኻል ሕማም ዓሶ ክኽተሎም ዝጸንሐ ሚላታት ብዝሓየለ ክደፍኣሎም፡ ክኢላ ከባቢያዊ ጽሬት ኣብቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ኤፍረም ብርሃነ ኣዘኻኺሩ።

ንኣገባባትን ሚላታትን ምክልኻልን ፍወሳን ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብሓፈሻ፡ ሕማም ዓሶ ድማ ብፍላይ ኣመልኪቱ ንነበርቲ ሓውሲ ከተማ ጎኒ ኣብ ዝሃቦ ኣስተምህሮ፡ መንእሰይ ኤፍረም፡ ብኮም ዝቖጸ ናይ ቅድመ-ምክልኻል ኣገባብት ዝለዓለ ተራ ከምዘለዎም ገሊጹ።

ኣብ መንጎ ትካላት ጥዕና፡ ምምሕዳራትን ህዝብን ብዝዋገነ ወሀደት ኣብ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ ዘቢቒ ከምዝይኮነ ብምምልካት ድማ፡ ህዝቢ ሸለልትነት ወጊዱ፡ ከንብሮም ዝጸንሐ ወፈራታት ጽሬት ክሐይል ተላብዩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ምክልኻል ሕማም ዓሶን ካልኦት ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ክሳለስልዎ ናይ ዝጸንሑ ንጥፈታት ውጽኢት ብጉብረ ስለዝረኣይዎ፡ ኣብ ኩሎም ዝውጠኑ መደባት ብትግሃት ከምዝዋዕ ኣረጋጊጾም።

ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንኡስ ዞባ ጎኒ ኣቶ ጻዕዱ ሃይለሚካኤል ድማ፡ ኣብ ገለ ከባቢታት ህዝቢ ክወስዶም ዝጸንሐ ተበግሶታት ብምድንኻሞም፡ ኣብ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ ኣሉታዊ ጽልዋ ከምዝፈጠረ ጠቒሱ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢ ውዳብ ህዝቢ ኣብ ምሕያል ኣበርቲዖም ክሰርሑ ኣተሓሳሰበ።

## ደቡብ - ኣብ መስርሕ ትምህርቲ ኣበርክቶ ኮም ይሙገስ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ጉዕዞ ርብዒ ዘመን ናጽነት ኣብ ጽላት ትምህርቲ ብዝተገብረ ወፍሪ፡ 93 ሚእታዊት ካብ ነበርቲ ዕድል ትምህርቲ ይረኽቡ ከምዘለዉ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ዞባ መምህር ሁብትዝጊ ኪዳን ሓቢሩ።

መምህር ሁብትዝጊ፡ ቅድሚ ናጽነት ኣብ'ቲ ዞባ 101 ኣብያተ-ትምህርቲ ከምዝነበራ፡ ድሕሪ ናጽነት ኮይ ድሩት ዝጸንሐ ኣገልግሎት ትምህርቲ ብምዕሩይነት ንምስፋሕ ብዝተገብረ ጻዕሪ፡ ቁጽሪ ትካላት ትምህርቲ ናብ 494 ክብ ከምዝበለ፡ እዚ ድማ ናይ ኣስታት 400 ሚእታዊት ዕቤት ከምዘርኣየ ኣበሪሁ።

ኣብ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ብምስታፍ መሃይምነት ዘጥፍኡ ዜጋታት'ውን ብዙሓት ምዃኖም፡ ነዚ ሸቶታት'ዚ ንምዕቃብን ደግሲ መሃይምነት ንኸየጋጥምን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኣብያተ-ንባብ ንምኽፋት ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ ድማ ገሊጹ።



ስ/ ፈልሞን ትኳቦ

ተራን ኣበርክቶን ኮም ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ጸላዊ ምንባሩ ብምሕባር ድማ፡ ኣብ ምምላእ ትሕተ-ቅርጻን ናውትን ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ንመማህራን ዝግበር ቁጠባዊ ደገፍ ዝምስገን ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ 128 ናይ ቅድመ-ትምህርቲ፡ 247 ናይ መባእታ፡ 91 ናይ ማእከላይ ደረጃ፡ 28 ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ፣ 1 ናይ ቴክኒክ ቤት-ትምህርቲ፣ 2 ድማ ኮለጃት ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ይርከቡ።

## ኣቑርደት - ውዳበ ሰራሕተኛታት መንእሰያት ጉባኤ ኣቃኒዑ

ውዳበ ሰራሕተኛታት መንእሰያት ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ራብዓይ ጉባኤኡ ኣቃኒዑ።

ኣቦመንበር ናይ'ቲ ውዳቤ መንእሰይ ዘርእሰናይ ተስፋይ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ መንእሰያት ብብጾላቶም ተወዲቦም

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

# ዓዲ-ተከለዛን - 100 መንእሰያት ብዝተፈላለየ ሞያ ሰልጢኖም

ብዝተፈላለየ ሞያ ዝሰልጠኑ 100 መንእሰያት ንኡስ ዞባ ዓዲ-ተከለዛን፡ ብ29 ግንቦት ተመረቑ።

እቲ ንሸውዓተ ኣዋርሕ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይትን፡ ምቕራጽ ብቪደዮ ካሜራ፡ ከምኡ'ውን ቅብኣን ሱጽባቐ ጸጉሪ ርእሲን ዘጠቓለለ'ዩ።

ኣቡቲ ናይ ምምራቕ ኢጋጣሚ፡ ሓላፊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣዘዘ በረኸትኣብ፡ ኩሉንትናዊ ብቕዓት መንእሰያት ንምብራኽ፡ምስመሻርኽቲ ብምትሕብባር ብዕቱብ ይሰራሓሉ ከምዘሎ፡ ዕላማኡ ድማ፡ ሞያ ቀሲምም ውሑስ ሂወት ዝመርሑሉ ባይታ ንምጥጣሕ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ሓላፊት ጨንፈር ማሕበር ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ወይዘሪት ሄለን ተወልደብርሃን፡ እቲ መደብ ብምውህሃድ ዝተፈላለያ ኣካላት መንግስትን ብሕታውያን ትካላትን ከምእተኻየደ ሓቢራ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ተከለዛን ኣቶ ሰለሙን ሃይለ ብወገኑ፡ መንእሰያት ብሞያን ፍልጠትን ምምልማል ማለት - ሃገር ምህናጽ ማለት ብምዃኑ፡ እቲ መደብ ቀጻልነት ክህልዎ ኣዘኻኺሩ።



ስ/ መሓሪ በላይ

# ሚኒስትሪ ዜና ንሓደስቲ ኣባላት ብመባእታ ጋዜጠኝነት ኣሰልጢኑ



ስ/ ሄኖክ መተከን

ሚኒስትሪ ዜና፡ ብመባእታዊ ጋዜጠኝነት ክሰልጥኖም ዝጸንሐ 21 ሓደስቲ ኣባላቱ፡ ትማሊ 2 ሰነ ኣመረቐ።

ኣብ'ቲ ስነስርዓት፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሬድዮ ኣቶ ግርማይ በርሀ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሚኒስትሪ ዜና፡ ንኣገዳስነት ስልጠና ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ብምግንዛብ፡ ብብጾዋት ስልጠናታት ክህብን ክውድብን ምጽንሑ ጠቒሱ፡ ንዝቐሰምዎ ትምህርቲ ብስራሕ ብምምዕባል፡ ንተኸታታሊ ዘዕቢ ስራሕ ክዓሙ ኣዘኻኺሩ።

እቲ ብክልስ-ሓሳብን ግብርን ዝተሰነየ ስልጠና፡ ስነ-ምግባር ጋዜጠኛ፡ ኣተኣኻኽባ ሓበሬታን ኣጻሓሕፋ ዜናን፡ ኣጻሓሕፋ ዓንቀጽ፡ ቃለ-መጠይቕን ኣጥቢቑን ዘጠቓለለ ምዃኑ ዝገለጸት ካብ ጨንፈር ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ወይዘሮ ጸገሬዳ ፍስሃ፡ ሰልጠንቲ ዝርኣይዎ ተገዳስነት መጒሳ።

ወከልቲ ናይቶም ኣባላት 25 ክሳብ 28 ዙርያታት ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝኾኑ ተመረቕቲ ብወገኖም፡ ቀሲሞሞ ብዘለዉ ትምህርቲ ኣብ ዝተመደብዎ ስራሕ ብዘወፋይነትን ትግሃትን ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ሰልጠንቲ ዝተዓደለሎም ወረቐት ምስክር ካብ ዳይረክተር ጨንፈር ምምሕዳርን ፋይናንስን ሚኒስትሪ ዜና ኣቶ ርእሶም ፍስሃየ ተቐቢሎም።

# ዓንሰባ - ጽጉማት ንምጥዋር ኣተባባዒ መደባት ተሰላሲሉ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ዞባ ዓንሰባ፡ ጽጉማት ዜጋታት ንምጥዋር ዘሰላሰሎ መደባት ኣተባባዒ ምንባሩ፡ ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ግርማይ በኩረጼን ገሊጹ።

እቲ ጨንፈር፡ ማሕበራዊ ድሕነት ዜጋታት ንምርግጋጽ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት ብዘሰላሰሎ መደባት፡ ንልዕሊ 10 ሽሕ ዘኽታማት ቈልዑ ብልዕሊ 86 ሚልዮን ናቕፋ ከምዝተጠቐሙ፡ ንኣስታት 7 ሽሕ ቈልዑ ድማ ምሉእ ሓገዝ ናይ ናውቲ ትምህርቲ ከምእተገበረሎም ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ዞባ፡ ስድራ ስውኣት ንምእላይ ልዕሊ 42 ሚልዮን ናቕፋ ደገፍ ከምእተዋህበ፡ ን3841 ስንኩላን ኣብኦም ንክኽእሉ ዝሕግዝ ካብ ወለድ ናጻ ዝኾነ ልዕሊ 20 ሚልዮን ናቕፋ ልቓሕ ከምእተዘርግሐ፡ ስንኩላን ተመሃሮ ብሰንኪ ናይ መጓዓዝያ ጸገም ካብ ትምህርቶም ንከይበኹሩ ዝተፈላለየ ሓገዛት ከምእተገበረሎም ኣረዲኡ።

እቲ ጨንፈር፡ ሰብ-ስርሑ መሓውር፡ ዓረብያ፡ ምርኩስን ካልእን ኣፍርዩ ካብ ዞባታት ጋሽ-ባርካን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ንዝመጹ ስንኩላን ኣገልግሎት ከምዘህበ'ውን ኣቶ ግርማይ ብዝወሰኸ ገሊጹ።

ካብ 1ይ ገጽ ዝቐጸለ

# ኣቑርደት - ውዳበ ሰራሕተኛታት. . .

ፖለቲካዊ ንቕሓቶም ዘበርኸሉን ተመኩሮታት ዝቐስሙሉን ባይታ ተፈጢሩ'ኳ እንተሎ፡ መብዛሕትኦን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝሰፍሩ ኣካላት መንግስቲ ንመንእሰያተን ኣብ ምውዳብ ብሰንኪ ዘርኣይኦ ድኻም፡ ዝተወጠኑ መደባት ከምቲ ዝድለ ከምዘይተተግበሩ ኣፍሊጡ።

ሓላፊ ሃግመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ኢብራሂም መሓመድ-ሳልሕ ብወገኑ፡ መንእሰያት ተረባሕቲ ሞያታት ንምምሃርን ብዘወጸ መደብ መሰረት ብርክት ዝበሉ መንእሰያት ከምዝሰልጠኑ ብምምልካት፡ ብዙይ ሓያል ውዳበ መንእሰያት ዝበጽሕ ደረጃ ምዕባለ ስለዘየለ፡ ኩሉም መሻርኽቲ ብዕቱብ ክዋስኡ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ሃግመተኤ ዞባ ጋሽ-ባርካ መንእሰይ ግደ ሰቛር ድማ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ንኡሳን ዞባታት ዝካየድ ዘሎ ናይ ስልጠናን ፖለቲካዊ ንቕሓትን መደባት፡ መርኣያ ናይቲ ውዳበ መንእሰያት ንምሕያል ብማሕበር ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ ምዃኑ ብምሕባር፡ ሰራሕተኛታት መንእሰያት'ውን ተረባሕቲ ዝውጠኑ ናይ ስልጠና መደባት ምዃኖም ተገንዚቦም፡ ውዳቤኦም ከደንፍዑ ኣተሓሳሲቡ።

ጉባኤኛታት፡ መንእሰያት ምንቃሕን ምውዳብን ንሃግመተኤ ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ስለዘይኮነ፡ ኩሉም ኣካላት መንግስቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታት ንዘርከቡ መንእሰያት ብምውዳብ ፖለቲካዊ ንቕሓቶምን ሞያዊ ብቕዓቶምን ንምብራኽ ኣስተዋጽኦ ክገብሩ ብምልባው፡ ንንጥፈታቶም እትኣሊ 11 ዝኣባላታ ኣኪያዲት ኣካል መሪጾም።


ስ መ ል ሕ ም

ሰ

ስ ሃ ለማገር ም

.ስ 116266/201820(2220)

ም/ ሰ

ም ስሃ

.ስ 201820(2217)

ስ 127749 - .ሳ. . 247

ም ር ሕ

.ስ. 200454 - 07121322

ምል

.ስ. 125013 - .ሳ. . 1284

ለ -

ሃ ምስ ስ

ሳምራ መለስ ስ ር ሕሳ

ሰማ ሓ ለ


## ለሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | መዘናግዒ ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ኣከባብራ ናጽነት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:40 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:15 | ዝተፈላለየ ደኩሜንታሪ መደባት |
| 16:50 | ሞዛይክ |
| 19:20 | መደብ ኖረት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ህድሞ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ዕላል ጥበባት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ደኩሜንታሪ መደብ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ፊልም |

# ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ናጽነት ሃገሮም ብውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ጸምቢሎም



ካምፓላ - ኡጋንዳ



ቶሮንቶ - ካናዳ



ቀጠር

ሃብቶም ፍረዝጊ

ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ በዓል ብሩራዊ እዮቤልዩ ናጽነት ሃገሮም ብድምቀትን ውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስን ከምዝጸምበሉዎ፡ ኩነብ ቦታኡ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ፡ እቲ ጽምብል፡ ኣብ ቀንዲ ቤት-ጽሕፈት ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኤሲያ፡ ሰሜን ኣመሪካ፡ ኣውስትራልያን ኤውሮጳን ባህላውን ሃገራውን ክብርታት ብዘንጸባርቕ ኣገባብ ተባዒሉ።

ኣብ ቀንዲ ቤት-ጽሕፈት ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ዝተኻየደ፡ ዲፕሎማሰኛታት ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ'ቲ ሕብረትን ቀጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን ኣቶ ኣርኣያ ደስታ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኤርትራ ንኹሉም ኣንጻራ ዘንቀዱ ሕጋዊ ባይታ ዘይብሎም ተጽብኣታት መኪታ፡ ሰላማን ርግኣታን ብምውሓስ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ምርግጋጽ ዓቢዩ ዓወታት ከምእተገናጸፈት ገሊጹ።

ኣብ ኬንያ ኣብ ከተማ ናይሮቢ ኣብ ዝበርዎ ድሙቕ በዓል ድማ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ'ታ ሃገር ኣቶ በየነ ርእሶም፡ ንህልው ኩነታት ሃገር ዝምልከት መግለጺ ድሕሪ ምቕራብ፡ ንመድረኻዊ ተራ ዜጋታት ኣብ እዋናዊ ሃገራዊ ንጥፈታት መብርሂ ሂቡ።

እቲ ጽምብል፡ ንህጻናት ብዘዘናግዑን ዝምህሩን ስፖርታውን ስነ-ጥበባውን መደባት ደሚቑ ምንባሩ፡ ካብ ኤርትራ ዝኸደት ጉጅለ ባህሊ ድማ መዓርግ ከምዝወሰኸቶ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ኤርትራውያን ነበርቲ ዞባታት ከሰላ፡ ቀይሕ ባሕርን ገዳርፍን - ሱዳን ኣብ ዘቃንዕዎ፡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ናይ'ተን ዞባታት ዝተረኽቡሉ ጽምብል፡ ኤርትራዊ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ሃሙን ቀልቡን ሃገሩ ምዃና፡ ከምኡ ድማ ንምሕዛእ ኣሓት ህዝብታት ኤርትራን ሱዳንን ዘንጸባርቑ ነይሩ።

እቶም ሰበ-ስልጣን ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ንጥፈታት ኤርትራዊ ማሕበረ-ኮማት ንምድንፋዕ ኣድላዪ ምትሕብባር ከምዝገብሩ ኣረጋጊጾም።

ካብ ኤርትራ ዝኸደት ጉጅለ ባህሊ ዘቕረበቶ መደባት፡ ነቲ ኣብ ዝተፈላለየ ዕለታት ዝተኻየደ ጽምብላት ዝያዳ ድምቀት ከምዝወሰኸሉ ተፈሊጡ።

ኣብ ጆሃንስበርግ - ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ዝተኻየደን ካብ ናሚብያን ቦትስዋናን ዝመጹ ዜጋታት ዝተሳተፍዎን ጽምብል ድማ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃን ዞባ ደቡባዊ ኣፍሪቃን ኣቶ ሳልሕ ዑመር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ነዚ ብረዚን ዋጋ ዝመጸትን ዝተዋሕሰትን ሃገሮም ንምብልጻግ፡ ተወፋይነት ዝሓተት መድረኽ ኣብ ምስጋር ከምዝርከቡ ኣብሪሁ።

ብተመሳሳሊ፡ ተቐማጦ ካምፓላ - ኡጋንዳ ኣብ ዘካየድዎ ጽምብል፡ ምስ ህዝቦምን ሃገሮምን ዘለዎም ምትእስሳር ድልዱል ምዃኑ ጠቒሶም፡ ድልውነቶም ንዝበረኸ መኸተ ኣረጋጊጾም።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኡጋንዳ ኣቶ መሓመድ ሱሌማን ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ 24 ግንቦት ርእሱ-ኩሉን በዓላትና ክትከውን ዝኸኣለት፡ ናይ ነዊሕ ዓመታት ሃንቀውታ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ዝሰመረላ ዕለት ብምዃና ከምዝኾነት ኣረዲኡ።

ናብ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ምስ እንሰጋገር፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣቡ-ዛቢን ዱባይን - ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ሰበ-ስልጣን'ታ ሃገርን ካልኦት ዲፕሎማሰኛታትን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ብሩራዊ እዮቤልዩ ናጽነት ሃገሮም ብምዕሩግ ኣገባብ ጸምቢሎም።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ'ታ ሃገር ኣቶ ዑስማን መሓመድ-ዑመር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ፍቕሪ ሃገርን ጥምረትን ካብ ኤርትራዊ ክብርታት ምዃኑ ኣረዲኡ።

ነበርቲ ኣደውሓ - ቐጠር ዝበርዎ ንሰለስተ መዓልታት ዝቐጸለን ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ዝተሳተፍዎን ጽምብል፡ ካብ ኤርትራ ብዝኸደት ጉጅለ ባህሊ ተሰንዩ ነይሩ።

ሰበ-ስልጣን ቐጠር ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ'ታ ሃገር ንዝመደበርዎም ዲፕሎማሰኛታት ኣብ ዝተዳለወ ፍሉይ መደብ ድማ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣቶ ዓሊ ኢብራሂም ኣሕመድ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ንጉዕዞ ርብዒ ዘመን መኸተን ልምዓትን ብደሆታቱን ዝምልከት መብርሂ ከምዘቕረበ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣዘኢሩ።

ካብ ሰሜን ኣመሪካ ብዝበጽሓና ሓበሬታ መሰረት፡ ኣብ ፖርት-ላንድ፡ ሎሱኣንጀለስ፡ ደቡብ ዳኮታ፡ በስተን፡ ቶሮንቶን ሳስካቱንን ዝነብሩ ዜጋታት፡ ጽምብል ናጽነት ንደቆም ክብርታት ብዘውርስ ኣገባብ ብልዑል ደስታ ኣብዒሎሞ።

ብርክት ዝበሉ ተቐማጦ ቶሮንቶን ሳስካቱንን - ካናዳ ኣብ ጽምብሎም፡ ጥርናፊኦምን ውዳበኦምን ንምሕያልን ንምትራርን ኣበርቲዖም ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ኣብ መልበርን - ኣውስትራልያ ኣብ ዝተኻየደ ጽምብል ድማ፡ ጉዕዞ መኸተን ልምዓትን ህዝቢ ኤርትራ ብኸፊል ብዘንጸባርቕ መሰናድኣታት፡ ከምኡ'ውን ባንዴራ ኤርትራ ኣብ ማእከል ከተማ ሜልበርን ብምንብልባልን ካልእ መደባትን ከምእተባዕለ ተፈሊጡ።

ነበርቲ ሰደኒ'ውን ብተመሳሳሊ፡ ነቲ ሃገራዊ በዓል ብልዑል ማዕርግ ከምዝጸምበልዎ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ንዝተኻየዱ ጽምብላት ምስ እንርኢ፡ ነበርቲ ማንሃይም፡ ሃይደልበርግን ባድን-ባድንን - ጀርመን፡ ቃሎም ንትግባረ ሕድሪ ሰማእታት ደጊሞም ከረጋግጹ እንከለዉ፡ ኣብቲ ኣጋጣሚታት ዝተረኽቡ ወከልቲ ምምሕዳራት ከተማታት ማንሃይምን ሃይደልበርግን፡ ኤርትራውያን ኣብ ሃገሮም ዝለዎም ፍቕሪ ኣድኒቖም።

ልዕሊ 2 ሽሕ ዜጋታት ዝተረኽቡሉ፡ ብኣርማ ህዝባዊ ግንባር፡ ባንዴራ ኤርትራን ጥሉል ኣቐጽልትን ዝማዕረገ ጽምብል ኤርትራውያን ነበርቲ ጀነቫ - ስዊዘርላንድ ድማ፡ ንባህላዊ ውርሻ ብዘድምቕ ትሕዝቶ ተኻዪዱ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊዘርላንድ ኣቶ በረኸት ወልደየውሃንስን ሓላፊ ህግደፍ ኣብ'ታ ሃገር ኣቶ ስለሺ እድሪስን ኣብ ዘስምዕዎ ቃል ናጽነት፡ ንኹሎም ተሳተፍቲ ናይቲ ጽምብልን ንህዝብን መንግስትን ኤርትራን የሓና ድሕሪ ምባል፡ ጉዕዞ ርብዒ ዘመን ከም ናጻን ልኡላዊትን ሃገር፡ ንጸገማትን ናይ መኸተ ሓይሊን ህዝቢ ኤርትራ ዘኩልሐ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ብዝሓየለ ስጥመት ክቕጽል መድረኻዊ ተልእኾ ከምዝኾነ ኣስሚሮምሉ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ከተማታት ለንደን፡ በርሚንግሃም፡ ማንቸስተር፡ ኖቲንግሃም፡ ሊድስን ኮቨንትሪን ዝነብሩ ዜጋታት፡ ብሩራዊ እዮቤል ናጽነት፡ ምስ ሃገሮምን ህዝቦምን ዝለዎም ምትእስሳር ብዝዕዝዘ መገዲ፡ ብምርኻኽብ ሸግ ናጽነትን ባህላዊ መደባትን ከምዝጸምበሉ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣዘኢሩ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያን ሰሜን ኣየርላንድን ኣቶ እስቲፋኖስ ሃብተማርያም ኣብ ዘቕረቦ መደረ፡ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ 25 ዓመታት ዘውሓሰቶ ሰላምን ኣብ ምርግጋጽ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘመዝገቦቶ ዝስጋስጉ፡ መርኣያ ጽንዓትን ተወፋይነትን ህዝቢ ኤርትራ ከምዝኾነ ኣዘኢሩ።

ነበርቲ ፓሪስ - ፈረንሳን ብራስለስ - ቤልጅምን ብግደኦም፡ ጽምብል ናጽነት ሃገሮም ብውዕዉዕ ስምዒትን ሓበንን ኣብዒሎሞ።

ኣብ ከተማ ፓሪስ ኣብ ዝተገብረን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ፈረንሳ ወይዘሮ ሃና ስምኦን ዝተረኽብትሉን ምዕሩግ በዓል፡ ካብ ዝተፈላለየ ከተማታት'ታ ሃገር ዝመጹ ዜጋታት ከምእተሳተፍዎ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ኣብ ኢጣልያ - ከተማታት ፓርማ፡ ፒዛ፡ ቶሪኖን ፓዶቫን ዝነብሩ ዜጋታት እውን ብሩራዊ እዮቤልዩ ናጽነት ሃገሮም ብድሙቕ ኣገባብ ጸምቢሎም።



# ጥዕና







ነጋ ወልደግዮርጊስ

ራብዓይን ናይ
መወዳእታን ክፋል

## ጥዕና-ቅኑዕ ስትራተጂ፡ ቀጻሊ ኣገልግሎት



ዶ/ር ዓንደብርሃን ተስፋጽዮን

ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ዝወጠኖምን ዘተግበሮምን መደባትን ንጥፈታትን ብዝምልከት ኣብ ሰለስተ ተኸታተልቲ ክፋላት ኣቕሪብና ነይርና። ንሎሚ ድማ መቐጸልታኡን ናይ መወዳእታን ክፋል ኮይኑ፡ ኣብ ከቡቢያዊ ጥዕና፡ ፍርያምነት፡ ምኽፋት ማእከላት ኣገልግሎት ንፍሉያት ሕማማትን ካልእን ዝምልከት ከነቕርብ ኢና፡ ሰናይ ምንባብ።

ብመሰረት መግለጺ ግዝያዊ ዳይረክተር ጀነራል ከባቢያዊ ጥዕና ዶ/ር ዓንደብርሃን ተስፋጽዮን፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ኣብ ጉዳይ ከባቢያዊ ጥዕና ኣብ ምክልኻል ዘድሃበ ሰፊሕ ዕማም'ዩ ኣሳሊጡ።

- ስድራቤታት ዓይኒ ምድሪ ከምዝጥቀማ ብምግባር - 27 ሚእታዊት ኣብ ገጠር ካብ ዝርከባ ዓድታት 'ናጻ ካብ ኣብ ደገ ቀልቀል ምውጻእ' ኣዊጀን ።
- ጉሓፋት ናይ ጥዕና ጸገም ከይኮኑ ግቡእ ኣተኣላልያ ኣብ ምግባር ብዝላዓለ ተዋሲኡ።
- ኮማት ብምውዳብ ከባቢኦም ብጽሬት ከምዝሕዙ ተገይሩን ብሕጂ ድማ ብዝሓየለ መልክዑ ክቕጽል መደብ ሓንጺጹን።
- ምንጬታት ማይ፡ ጥዕናዊ ብቕዓቶም ዝምልከት መርመራን ኣድላዪ ፍወሳን ኣካይዱ።
- ኣብያተ መስተን መግብን ንብቕዓቶም ዝምልከት ምክትታል ይግበር፡ ኣብ ኣብያተ መግብን መስተን ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ካብ ሓደገኛ ተማሓላለፍቲ ሕማማት ናጻ ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ቀጻሊ መርመራታት የካይድ።
- ሕማማት ካብ ደገ ናብ ውሽጢ ሃገር ከይኣትዉ ኣብ መእተዊ ኣፍደገታት ጽኑዕ ምቁጽጻርን ምክትታልን ይግበር።
- ንገያሾ ፍሉይ ክታበታት ከም ረስኒ ቢጫ ( yellew fever) ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ይወሃብ - ዓመታዊ ካብ 2000 ክሳብ 3000 ።

### ክሽቦ

ክሽቦ ጓለንስተይቲ ብመሰረት ኣዋጅ መንግስቲ ኤርትራ ውጉዝን ክልኩልን ምዃኑ ኩሉ ዜጋ ዝፈልጦ እዩ። እንተኾነ ኣብ ገለ ቦታታትን ሕብረተሰብን እቲ ሕማቕ ልምዲ ክሽቦ ይቕጽል ኣሎ። ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብዚ ጉዳይ እዚ ዝሕታለ የርኢ ኣሎ ንዝብል ሕቶ፡ ዶ/ር ዓንደብርሃን ተስፋጽዮን፡ "ሚኒስትሪ ጥዕና ዝሒሉ ኣሎ ኣይብልን'የ፡" ክብል'ዩ መሊሱ። ብመሰረት ሓበሬታኡ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ምስ ሚኒስትሪ ዜናን ኣብ ዞባታታት ዝርከቡ ተግበርቲ ኣካላትን ብምትሕብባር ኣብ ምውጋዝ ክሽቦ ጓለንስተይቲ ብዝላዓለ ይነጥፍ ኣሎ። ብቐንዱ ድማ ጉዳይ ክሽቦ ናይ ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፍነት ጥራይ ዘይኮነ ሓላፍነት ናይ ኩለን ዝምልከተን ኣካላት እዩ። እቲ ወጺኡ ዘሎ ኣዋጅ ምሉእ ብምሉእ ክትግበር ኣብ መጻኢ ሓያልን ሰፊሕን ጉስጓስ ይጸበዮም ከም ዘሎ መላእ ሕብረተሰብ ብዝለዓለ ክቃለሰሉ ዝግባእ ሕማቕ ልምዲ ምዃኑ ኣገንዚቡ። ምኽንያቱ ብክሽቦ ዝስዕቡ ሓደገኛታት ጥዕናዊ ሽግራት፡ ከም ዕጉት ሕርሲ፡ ፈስቱላን ካልእን ኣብ ኣእምራዊ፡ ኣካላውን ምግላል ካብ ሕብረተሰብን ሃሲያ ኣብ ልዕሊ ጓልንስተይቲ ከምዘለዎ፡ ሕብረትሰብ ነዚ ፈሊጡ ክኸቓሓሉ ከምዝግባእ ጸቒጡ ኣስሚሩሉ። ኣብ ጉዳይ መርዓ ትሕቲ ዕድመ ግን ካብቲ ዝሓለፈ እናተማሓየሸ ይመጽእ ምህላዉ ኣረዲኡ።

### ድሕነትን ጥዕናን ኣደ

ኤርትራ ኣብ ሽቶ ሚለንዩም ካብ ዝተዓወተትሉ ሓደ፡ ኣብ ድሕነት ኣደ ዝገበረቶ ሓያል ጻዕርን ወፍርን እዩ። ዝኾነት ኣደ ምስ ሓረሰት ድሕሪ ሸዱሽተ ወርሒ ክትትል ከም ዝግበረላን ኣብ መጻኢ ድማ ብዝሓየለ ከምዝጸዓረሉን፣ ኣብ ትካላት ጥዕና መጺኤን ዝሓርሳ ኣደታት ግን 55 ሚእታዊት ምዃኑ ኣረዲኡ። ቀንዲ ኣሉታዊ ምኽንያት ናይዚ ድማ ጸገም መጓዓዝያ፡ ኩነታት ቀጠባ፡ ጉድለት ንቕሓትን ኣፍልጦን ዝመበገሲኡ ኣብ ገዛ ኮይነን ክሓርሳ ምምራጽ፡ ጽልኣት ኣቀባብላ ሓኪይም ከምዝኾነ ዶ/ር ዓንደብርሃን ብዝርዝር ኣቕሚጢሙ። እንተኾነ ኣብዘን ናይ ሕጂ ወለዶታት ናብ ትካላት ጥዕና እናኸዳ ዝሓርሳ ብቑጽሪ እናወሰኻ ይመጽኣ ምህላወን ኣረዲኡ።

ምስ ድሕነትን ጥዕናን ኣደታት ብቐጥታ ዝተኣሳሰር ጉዳይ ኣምቡላንሳ ንዝቐረበሉ ሕቶ'ውን መሊሱ እዩ። ኣብ ድሕነትን ጥዕናን ኣደታት ኣምቡላንስ መትንን ኣብ ናይ ደቓይቕ መቓን ግዜ ኣመና ኣገዳሲትን መሳለጢት እያ። እንተኾነ፡ ሚንስትሪ ጥዕና ዋሕዲ ኣምቡላንስ ከም ዘለዎ ኣይካሓድን። ነቲ ዋሕዲ ድማ ኣብ መጻኢ ስትራተጂ ናይቲ ሚንስትሪ፡ ቈላሒታ ተገይሩሉ ሸፈነ ከምዝግበረሉ ዶ/ር ዓንደብርሃን ሓቢሩ። እቲ ካልእ ዛዕባ ምስ ድሕነት ኣደ ዝቐረበሉ ሕቶ ድማ ጸገም ጥዕና ፈስቱላ እዩ። ብመሰረተ ሓበሬታ ዶ/ር ዓንደብርሃን፡ ብሰንኪ ዕጉት ሕርስን ካልእን ጸገም ፈስቱላ ዝገጠመን ኣደታት ዝፍወሳሉ ማእከል ኣብ መንደፈራ ተኸፊቱ ስሩዕ ኣገልግሎት ይህብ ኣሎ። ኑተን ግዳይ ፈስቱላ ዝኾና ኣደታት ኣካላውን ስነ ኣእምሮዊን ቃንዛአን ንምርሳዕ ዝተፈላለየ ስልጠናታት ይወሃበን እዩ። ካልኦት ኣብ ፍርያምነት ዝርከባ ኣደታት ናብ ሓደጋ ፈስቱላ ከይወድቃ ኣብ ትካላት ጥዕና ከይደን ክሓርሳ ከምዝለወን ጉስጓስ ይግበረለን። ናይ ማህጸንን ሕርስን ክኢላታት ብዝላዓለ ደረጃ ኣሰልጢንካ ዓቕሚ ሰብ ብምሕያል ኣብ ኩለን ትካላት ጥዕና ከምዝዋፈሩ ወጺኡ ኣብ ዘሎ ሓድሽ ስትራተጂ ሚንስትሪ ጥዕና ክትግበር እዩ። ቅድም ኢሉ'ውን ብዉሱን ዓቕሚ ክኢላታት ከምዝሰልጥኑ ተገይሩ ነይሩ።

### ፍርያምነት

ሚኒስትሪ ጥዕና ከም ዝኾነ ካልእ ናይ ጥዕና ጸገማት፡ ንፍርያምነት እውን ግቡእ ቈላሕታ ሂቡ ይሰርሓሉ ኣሎ። እንተኾነ ጸገም ፍርያምነት ልዑል ሕክምና ዘድልዮ ጉዳይ ጥዕና ከምዝይኮነ ዝጠቐሰ ዶ/ር ዓንደብርሃን፡ ምኽርን ማዕዳን ብምሃብ፡ መጻምድቲ ዚያዳ ከምዝቀራረቡ ብምግባርን ተወሳኺ መድሃኒት ብምእዛዝን ክፍወስ ከምዝኽእል ሓቢሩ። ነዚ ንምፍዋስ ኣብ ቪላጆ ንፍርያምነትን ጸገም ወሊድን ንዘገጠሞም ዜጋታት እተገልግል ማእከል ከምእትኽፈት፣ ኣብቲ ማእከል ክሰርሑ ዝኽእሉ ሓካይምን ናይ ላቦራቶሪ ክኢላታትን ኣብ ሱዳን ዝድለ ስልጠና ወሲዶም ንስራሕ ድልዋት ከም ዘለዉ ኣበሲሩ። ጉዲሉ ዘሎ መሳርሒታት ምሉእ ብምሉእ ምስተማልኡ፡ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዓመት 2016፡ ወይ ድሕሪኡ ብወግዒ ስርሑ ክጀምር ምዃኑ ወሲኹ ሓቢሩ።





ዕጹው ሽቓቕ ኣብ ርሑቕ ገጠራት

### ዋሕዲ መኣዛዊ መግብታት

ብዋሕዲ መኣዛዊ መግብታት ዝሳቐዩ ህጻናት ብዝምልከት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቶም ደቂሶም ዝሕከሙ ህጻናት ተወሳኺ መግብን መድሃኒትን ከም ዝወሃቦም፡ ኑቶም ደሓን ዝኾኑን ኣዝዮም ደሓን ዝኾኑን ሰሙናዊን ወርሓውን ናብ ትካላት ጥዕና እናተመላለሱ ተወሳኺ መግቢ ከምዝወስዱ ይግበር። ኣብ ዓድታት እናኸድካ ዝግበር ምዕዳል ማኣዛዊ መግብታት ከም ዘሎ'ን ንጉዳይ ማኣዛዊ መግቢ መንግስቲ ብቐንዱ ሒዝዎ ከም ዘሎ ዶ/ር ዓንደብርሃን ወሲኹ ኣረዲኡ።


ካብ ፋብሪካታት ዝወጹ ጉሓፋትን ኣብያተ-መግብን ሰራሓተኛታቶምን ምቁጽጻር ዝግበረሎም ምዃኑ ዝሓበረ ዶ/ር ዓንደብርሃን፡ ምንጬታት ማይን ማይ ሰሓ ዘፍርያ ትካላትን እውን ጽኑዕ ምክትታትል ከምዝግበረለን ገሊጹ። ዘድሊ መለክዒ ዘየማልኣን ንጥዕና ሕብረተሰብ ጉዳኢ ዝኾነ ማ ይ ከፍርያ ዝተረኽባን ድማ ከምዝዕጸዋ ኣረዲኡ። ብመሰረት መግለጺ ዶ/ር ዓንደብርሃን፡ካብ ደገ ናብ ሃገር ንጥዕና ህዝቢ ጉዳእቲ ዝኾኑ ሕማማትን ባእታታትን ከይኣትዉ ብመሬትን ባሕርን ኣብ ኣስመራ፡ ባጽዕን ኣርባዕተ ዓሸርን ምክትታትልን ምቁጽጻርንን ይግበር።

ኤርትራ ካብ ሕማማት ፖልዮን ቴታኑስን ቅድሚ ሽቶ ሚለንዩም ናጻ ምዃና ዘረጋገጸት ሃገር እያ። ኣብዚ ዓመት'ዚ ማለት ኣብ 2016 ምስክር ወረቐት ክትወስድ እያ። ቅድሚ ምስክር ወረቐት ምውሳድ ግን ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ወርሒ ብውድብ ጥዕና ዓለም ካብዞን ተጠቒሰን ዘለዋ ሕማማት ናጻ ምዃና ተፍትሽ ክግበራላ እዩ። ምስ ካልኦት ሃገራት ድማ ብሓባር ምስክር ወረቐት ክትወስድ እያ።

ኣብ መጨረሻ፡ ተረኺቡ ዘሎ ዓወታት ዘዘኪ ከምዝይኮነ፡ ካብ ውልቀ ሰብ ክሳብ ኮምን መላእ ሕብረተሰብን ሙብጽዓና ኣሐይልና ዚያዳ ክንሰርሕን ናብ ዝላዓለ ኣገልግሎት ጥዕና ክንምርሽን ከምዝግባእ ኣዘኻኺሩ።



ሆስፒታል ኦሮታ፡ ማእከል መብጣሕቲ ልቢ.



# “ኩናት ኣይኮንኩን ዝፈርህ ሰላም እየ ዝደሊ።”



ዓወት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስጉሚ'ምበር፣ ኣብ መወዳእታ ሕንጻጽ ኣይኮነትን ዘላ

ኣማኑኤል በርሀ

=ሰላማት ዘይተሳዕረ፡ እንታይ ደኣ ደሃይ ኣጥፊእካ?

=ሰላማት ዝሓፍተይ። ጥሜ ዲኺ ሓሲብክያ ደኣ እዛ “ዘይተሳዕረ”?

=ኣብ'ቲ ፈደስ ጥክዶ ክዕወት ኣሉ፡ ክሕንበብ ኣሉ እናበልካ ክትጽሕፍ ኣይቀሃናኻ።

=እሞ ኣነኳ፡ “ክዕወት ኣሉ” እየ ኢለ'ምበር፣ “ክሰዓር የብለይን” ኣይበልኩን።

=እንታይ ፍልልዩ ኣለዎ ደዩ?

=እንታይከ ዘራኽብ ኣለዎም? ብዙሓ ዓወትን ብዙሓ ስዕረትን ኢኺ'ኳ ትዛረቢ ዘለኺ። ኣነ ግን ብዙሓ ዓወት'ምበር፡ ብዙሓ ስዕረት ኣይጽሓፍኩን።

=እንተዘይተሳዒርካ ተዓዊትካ ማለትዶ ኣይኮነን?

=ከምኡ ማለት ኣይኮነን። እዚ ናትኪ ጥቓ መርገም ዘሎ ምርቓ እዩ። ክትዕወቲ እንተደሊኺ፡ “ስዕረት” ዝበሃል ቃል ከተደምጸየ'ውን የብልክን። ነቲ ዘይተሳዕረ ዘይኮነ፡ ነቲ ዝተዓወተ ኢኻ “ዕዉት” እትብሎ። ዘይሳደለ ማለት'ኳ፡ ምሉእ ማለት ኣይኮነን። ምሉእ እንተደሊኺ፡ ብዙሓ ምልኣት'ምበር፡ ብዙሓ ምጉዳልን ዘይምጉዳልን ክትዛረቢ የብልክን። ተረዲእናዶ?

=እንታይ ክንረዳዳእ ደኣ፡ ሕንፍሽፍሽ'ምበር ኣእቲኻለይ።

=እታ ናይ ማዝር ተረዛ ዛንታ ኣይትፈልጥያን ኢኺ ማለት እዩ። “ጀረትኩናት” ትብል ማሕበር ከቛቑሙ፡ ክትሕግዞም ሓቲቶሞ። ንሱ ግን ኣይተቐበሎም። ሸው ቡቲ ካብ ትጸቢቶም ወጻኢ ዝኾነ መልሰ ስንቢደም፣ “ንኩናት ኣዚኺዶ ኣይትንክብን እትጸልእዩ?” ኢሎሙ። “ኣነ ኩናት ኣይኮንኩን ዝፈርህ - ሰላም እየ ዝደሊ።” ኢሉዎም። “ንሸኻትኩም ግን ንሰላም ዘይኮንኩም፡ ንኩናት ኢኹም ትሸባሸቡ ዘለኹም።ኩናት ምስተፈጥረ ከተህድኡ ምፍታን፡ ንሰላም ትጽዕር ኣለኻ ማለት ኣይኮነን። ሰላም ትደሊ እንተ'ኴንካ፡ ኩናት ንኸይፍጠር'ውን ክትጽዕር የብልካን። ንኹናት ፈጺምካ ካብ ርእስኻ ኣውጺእካ፡ ሰቓ ኢልካ ንሰላም ክትሰርሕ ጥራይ እዩ ዘሎካ። ኣነ ኸኣ ምሳኹም ክጽገበር እንተኾይኑ፡ ‘ንሰላም’ በልዋ እዛ ማሕበርኩም” ኢላ

ከም'ዚ ዓይነት መጸጸጽ ኣየርድኣንን እዩ። ንኣብነት ክሓተካ፡ ሓደ ኳያያይ ክዕወት ኣሉ እንተበለን ክሰዓር የብለይን ኢሉ ናብ ውድድር እንተኣተወ፣ እንታይ ዝፈላሊ ኢኻ ክትረኽቦ ደሊኻ?

=ኣብ ምድግጋም ቃላት'ኮ ኣእቲኺ። እቲ ናይ ዓወት ኒሕ ዘለዎ፡ ኣፋንያቶም። ነቲ ዘይትደልዮ ነገር፡ ካብ ርእስኻ ደኣ ኢኻ ከተውጽኦ ዘለካ'ምበር፣ “ከየጋጥመኒ ጥራይ” እናበልካ፡ ክትፈርሖ ክትኑበር የብልካን። እንተጸዋዕካዮ ግን ይመጽኣካ'ዩ።

=ንሳ ግዳ መጻጽ'ንድያ ኔራ። ኣነ ብኡብኡምትእምማን እዩ ዘዐውቶ ስጉምቲ ዝወስድ። እቲ ክሰዓር የብለይን ዝበል ግን፡ ብፍርሒ እዩ ካልኦት ንኸይዕወቱ ዝሕልዎም። ፍርሕን ኑብኡምትእምማንን ከኣ ዘራኽብ የብሎምን። እቲ ክሰዓር የብለይን ዝበል ደኣ'ሞ፡ ንማዕረ'ውን ኣብ ግምት ኣእትዩዋ ኣሎ ማለት እዩ። እምበር'ከ፡ ምሉእ መዓልቲ ከይሰዓር ክፈርሕ ውዒሉ፡ ኣብ መወዳእታ ቀዳሞ ሕንጻጽ ናይ ዝረገጸ ተዓዊቱ ማለት ደዩ?

=እንታይ ደኣ ደሊኻ?

=ቀዳማይ ነገር፡ ኣብ ርእሱ ዓወት ትብል ቃል ስለዘየሉ፡ ክዕወት ዘሎ ተኽእሎ ልሕሉሕ እዩ። ዓወት'ኳ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስጉሚ'ምበር፡ ኣብ መወዳእታ መስመር ኣይኮነትን ዘላ። ነፍሲ ወከፍ ስጉምኻ እዩ ኣብ መወዳእታ ዘዐውተካ።

=መንጸሮር ኮይኑ ለማሰ እዚ ዕላልካ።

=ኦ ኦ ኢ . .! ከይትኸርዪኒ መዋግዕተይ፡ ናይ ውድድር ጉያ ጆክዶ ከዕልለኪ'ሞ?

=ከምኡ ግርም፣ ቀጽል።

=ሓደ ሓረስታይሰ፡ ዓሰርተታት መንእሰያት ተኣኪቦም ክጎዩ ርእዩ፡ “እንታይ ኮይናም ይጎዩ ኣለዉ?” ኢሉ ይሓትት። እቲ ቀዳማይ ዝወጽእ ወርቂ ከም ዝሰለም ድማ ይነግርዎ። “እሞ ንሱስ ይገዮ ደሓን፣ እቶም ካልኦትከ እንታይ ኮይናም ይጎዩ ኣለዉ?” ኢልዎም።

=ከከ . . .መን ቀዳማይ ከምዝወጽእ'ሞ ከይተወዳደሩ ደየም ክፈልጡ። ቤላ ሕክዮ'ያ ግን። እቲ ቀዳማይ ዝወጽእሲ፡ ፍሉጥ ወሲድዎ ማለት እኳ'ዩ።

=ፍሉጥ እንደዩ'ሞ።

=ከመይ ኣቢሉ ደኣ'ዩ ፍሉጥ ዝኾነ።

=እቲ ክሰዓር የብለይን ዝበለ ዘይኮነ፡ እቲ ክዕወት ኣሉ ዝበለ እዩ ዝዕወት። እቲ ከይሰዓር ወይ ከይፈሽል ዝፈርሕ፣ እንተዘይተዓዊቱ ቀልጢፉ እዩ ዝፈግድ። እቲ ክዕወት ኣሉ ዝበል ግን ክሳብ ዝዕወት ኣይርብርብን እዩ። ዘይትዓወተ'ኳ፡ ኩሉ ተሳዒሩ ወይ ፈሺሉ ማለት ኣይኮነን። ናይ ዓወት መንፈስ እንተኾይኑ ዘሎ ኣብ ውሽጥኻ፣ ለሚ እንተዘይተዓወትካ ጸግሕ ትዕወት። ናይ ዘይተሳዐርኩት ፍርሒ እንተኾይኑ ዘለካ ግን፣ ሓንሳብ እንተተሳዒርካ፣ ስዑር መንፈስ ኢኻ ትውንን።

=ከም'ዚ ትብሎ ዘለኻ እንተኾይኑ'ሞ፡ ነገራት ኣእዚዝን ኣለዎም ማለት እዩ።

=ብርግጽ'ምበር! ዘዘጸዋዕካዮ እዩ ዘኻንፈካ። ንኣብነት፡ ሓደ ሰብ ብርሑቕ እናመጽኣ ትርእዮ'ሞ፣ “ከይብኣሰኒ ጥራይ” ኢልካ ትሓስብ እንተዝኣሊኻ፣ ዋላ ብጠርሁ ድንን እንተኢሉ'ውን፡ እምኒ ዘልዕል ዘሎ መሲሉካ ቀዲምካ ከተጥቅዮ ኢኻ። እታ ዝጸዋዕካያ ባእሲ ድማ ትመጽኣካ። ንጸቡቕካ ይመጽእ ከምዘሎ እንተገምገምካ ግን፣ ዋላ ተሃንዲዱ እንተመጽኣካ ብፍሽኽታ ኢኻ ክትቅበሎ። ፍሽኽታኻ ድማ ኣተሓሳስባኡ ከም ዝቕይር ክገብሮ ይኽእል'ዩ። ብዙሓት ሓደ ትርጉም ዘለዎም ዝመስሉና ቃላት፡ ኣብ መንፈሶም ግን ነጸብራቖም እዮም። ዘይረስሐ ማለት'ኳ ጽሩይ ማለት ኣይኮነን። ብዙሓ ጸርያት እንተ'ዀንካ ትግደስ፡ ፈጺምካ ኣይተርስሕን ኢኻ፣ ዘይምርሳሕ እንተኾይኑ ዘገድሰካ ግን፣ ኣብ ምኽሳታር ጥራይ ኢኻ ትኣምን። ኣጽሬፍካ ክትሕዞ ኣብ ክንዲ ትጽዕር፣ መምስ ረስሐ ኢኻ እትኹሶትሮ።

=እታ ናይ'ቲ ኣምፑል ዝምዛዝ ዕላል'ሞ ከመይ እያ።

=ንኤዲሰን ሓደ ህዉኽ'ዩ “ኣምፑል ንምምሃዝ 10 ሽሕ ግዜ ክትወድቕ ከለኻ እንታይ ይሰምዓካ ኔሩ? ኢሉ ሓቲትዎ። “10 ሽሕ ግዜ ኣይወደቕኩን - እታ ኣምፑል ንኸትምሃዝ 10 ሽሕ ስጉምትታት የድልያ ስለ ዝነበረ እየ ክንድኡ ፈቲነ ኣገዲደ” ኢሉ መሊሱሉ። ነፍሲ ወከፍ ስጉሚ ከኣ፡ ነታ ድሕሪኣ እትስዕብ ገለ ሓይሊ እያ ትህባ።

=እሞ ድሕሪ ሕጂስ እዛ “ኣይንጣፋእ” ትብል ቃል ከጥፍኣ ኣሉ ማለት እዩ።

=ብሰላም የራኽበና ኢልኪ ቀይርያ።

=ቻው በል፡ ብሰላም የራኽበና።





# ንእፍሊጠ

ሱሌማን ኣሕመድ

## ርህሩህ ዲኻ?

ርህሩሃት ሰባት ከሉ ግዜ ተቐበልትን ፈተውትን ኢየም። መብዝሕትኦም ድማ ካብ ኑብሶም ንኻልኦት ሰባት ከቐድሙ ይረኣዩ። በሉ ባህርኹም ንምፍታሽ ዝም ዝስዕቡ ሕቶታት "እወ" ወይ "ኣይፋል" እናበልኩም ክትምልስዎም ፈትኑ።

1፡ ሰባት ክትተሓሰብ ምሉእ ተገዳሲት ትገብር ዶ?

2. ምስልን ስምን ሰባት እናዘከርካ ምስ ነገራት ዕውት ዝኾነ ናይ ምትእስሳር ባህሪ ኣለካ ዶ?

3. ዝቐረቡኻ ሰባት፡ ብዛዕብኦምን ብዛዕባ ስድርኦምን ካብ ዝነቡኻ ሓበሬታ ንገለ ምዝኻሩ ኣይትጸገምን ዶ?

4. ዕለተ ልደትን ፍሉይ ኣጋጣሚታትን ንምዝኻርም ምእንቲ ከይትሽገር ኣብ መዝገብ ናይ ምስፋር ልምዲ ኣለካ ዶ?

5. ንሰባት ናይ ምምጓስ፡ ምንኣድ፡ ምሽላምን ህያብ ምልጋስን ህዉኽ/ቅልጡፍ ባህሪ ኣለካ ዶ?

6. ምስ ህጻናት ምጽዋት ፍሉይ ተመሳጦ ይህበካ ዶ?

7. ኣብ ጉዕዞኻ ንዘይትፈልጦም ሰባት'ውን እንተኾነ ናይ ምሕጋዝ ባህሪ ኣለካ ዶ?

8. ኣብ ልዕሊ ሰባት ቅልጡፍ ዝኾነ ርህራህ ትገብር ዶ?

9. ኣብ ገዛኻ ተዓዲሞም ንዝመጹ ኣጋይሽ ብማዕረ ከተዕልሎም ትፍትን ዶ?

10. ዝኾነ ስራሕ ከይሰሰዐካ ምስ ብጾትካ ብማዕረ ክትማቐሎ ትደሊ ዶ?

11. ዘይሕጉሳት ብሕቱውን ሰብ ክትርኢ እንከሎኻ ስምዒትካ ይትንክፍ ዶ?

12. ብዛዕባ እትኽእሎ ነገራት ንሰባት ምሕጋዝ ቅልጡፍ/ስሉጥ ዲኻ?

13. ኑብሰኻ ኣብ ሽግር ኣእቲኻ ወይ'ውን ዝሓላዘለዎ ስራሕ ገዲፍካ ካልኦት ሰባት ምሓጋዝካ ዶ?

14. ስድራኻ ንጠፍን ሞራላውን ሓገዝ ኣብ ዘድልዮም እዋን ኣብ ጐኖም ትህሉ ዶ?

15. ከይተሓተትካ ባዕልኻ ሓሲብካ ሰባት ትሕግዝ ዶ?

16. ኣብ'ቶም ዘኽብሩኻን ዝንእዱኻን ሰባት ጥራይ ዘይኮነስ ንዝኾነ ሰብ ክትሕግዝ ድሉው ዲኻ?

17. መብጽዓኻን ቃልካን ዘይተዕብር ምኳንካ ሰባት ይተኣማመኑልካ ዶ?

18. ኣዕሩኽትኻ ምስ ካልኦት ሰባት ወልፈልፈስ ኣይትብልን ኢኻ ኢሎም ብምእማን ሽግራቶም ብዝርዝር ከዕልሉኻ ይረኣዩ ዶ?

19. ምስ ኣዕሩኽትኻ ኣብ ዝልዓል ኣርእስትታት ወይ ሓሳባት ቀልጢፍካ ትርድኦም ዶ?

20. ሕማቕ ልምድታት ኣብ ምቕባል ዝሓሉ፡ ይቕሬታ ኣብ ምሃብ ድማ ቅልጡፍ ዝኾነ ባህሪ ኣለካ ዶ?

ኣወሃህባ ነጥቢ

"እወ" ዝብል መልሲ ንዝሃብካዮም ሕቶታት፡ ሓሙሽተ ነጥቢ ብምሃብ ጠቕላላ ነጥብኻ ካብ 70 ንላዕሊ ምስ ዝኸውን ናይ ብሉጽ ርህሩህ ኢኻ። ወህሉል ነጥብኻ ካብ 60 ክሳብ 70 ምስ ዝኸውን ድማ ደረጃ ርህራህካ ኣብ ደሓን ኩነታት ኣሎ ክበሃል ይከኣል። ትሕቲ 60 ነጥቢ ምስ ተግጺኡ ግና ርህሩህ ኣይኮንካን።

ርህሩህ ክትከውን ብዛዕባ ሰባት ክትግደስ ኣለካ። መኻፍልቲ ሽግሮምን ሓጎሶምን ክትከውን ይግባእ።

ምንጪ፦ The Psychologist Magazine

## ጥቕስታት

=> "ክትማሃር ድሌት እንተዘይብልካ ዋላ ሓደ ክሕግዘካ ኣይክእልን እዩ፡ ክትመሃር እንተሃቂንካ ግና ደው ዘብለካ ነገር የለን።"

=> "ምስ ሕሉፍ ህይወትካ ሰላም ማስርት፡ እቲ ምንታይሲ ንህሉው ኩነታትካ ምእንቲ ከይርብሾ።"

=> "ሰባት ብዛዕባኻ ዝሓስብዎ ሕማቕ ነገራት ንዓኻ ብዙሕ ኣየገድሰካን እዩ።"

=> "ግዜ ዳርጋ ንኹሉ ነገር መፍትሒ ስለዝኾነ፡ ግዜ ሃብ።"

## ነዋህልል

ቅድሚ ምዝራብካ - ኣስተብህል፡

ቅድሚ ስጉምቲ ምውሳድካ - ሕሰብ፡

ቅድሚ ምንቃፍካ - ተጸበ፡

ቅድሚ ምግዳፍካ - ፈትን።

# ብኸመይ ልሙጽን ዘይዓጠረን ቈርበት ሰብነት ክህልወና ይኽእል?



ዕድመ ብዘየገድስ ልሙጽን ዘይዓጠረን ቈርበት ሰብነት ክህልዎ ዘይደሊ ሰብ የለን። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ነዚ ክውን ይገብሩ ኢዮም ዝበሃሉ ዘመን ዘምጽኦም መድሃኒታት ክሬምን'ኳ እንተለዉ፡ ኣብ ጥዕናና ብሓፈሻ ጥዕና ቈርበት ሰብነትና ድማ ብፍላይ ዘውርዶ ኣሉታዊ ሳዕቤን ልዑል ከም ዝኾነ'የም ሓኪይም ዝሰማምዕሉ። እዚ ብፍላይ ኣብ ደቀንስትዮ ኸኑ ዝርአ ጸገም'ዩ። ንሎሚ'ምብኣር ካብዚ ጎንኣቲ ነገራት ወጻኢ፡ ልሙጽ ቈርበት ሰብነት ክህልወና ዝሕግዙ ነጥብታት ክንዝርዝር፦

ጽሬት ቈርበትና ምሕላው፡ - ቈርበትና ብፍላይ ድማ ገጽና ካብ ዝኾነ ካልእ ኣካላትና፡ ንክብቢና ዝተቓልዐ'ዩ። ስለዚ ድማ ኣብ ከብቢና ብዘለዉ ታህዋሲያን፡ ጸርጊ ጸሓይ፡ ደርናን ካልእ በከልቲ ከሚኻላትን ብቐሊሉ ክጥቃዕ/ ክትንከፍ ስለ ዝኽእል፡ ጽሬት ቈርበትና ክንሕሉ እቲ ፈላሚ ስጉምትና ክኸውን ይግባእ። ብፍላይ ገጽና ኣብ መዓልቲ ልዕሊ ክልተ ሰለስተ ግዜ ክንሕጸቦ ተመሪጹ። ምኽንያቱ ድማ ክኢላታት ቈርበት ይዛረቡ። ኣብዚ ብዙሕ ቅብኣ ዘይብሉ ፍኹስ ዝበለ ሳሙና ክንጥቀም'ዩ ዝግባእ። ገለ ገለ ኣብ ቈርበቶም ቅብኣት ዘይብሎም ሰባት ግና ብሓኪይም ዝተኣዘዘሎም ሳሙና ክጥቀሙ ተመሪጹ ኢዩ።

ቈርበትና ጥሉል/ርሑስ (moist) ክኸውን ምጽዓር፦ እናዓበና ክንከይድ እንከለና ቈርበትና ንኽልሰልስ ዝሕግዝ ቅብኣት ዘፍሪ ጽክታት ኣካላትና እናንጎደለ'ዩ ዝኸይድ። ድርቀት ቈርበትና ብቐጥታ ምጭምዳድ ዘስዕብ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ኑቲ ጸገም ከም ዘቀላጥፎ ግና ሓኪይም ይሰማምዑ። ስለዚ ቈርበትና ጠሊ ክህልዎ እንተኾይኑ ብፍላይ ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚን ሲ ዘለዎ ፍሩታት ምምጋብ ኣገዳሲ ኢዩ።

ንሓያሎ ሰዓታት ንጸሓይ ብርሃን ዘይምቅላዕ፦ ኑብስኻ ንጸሓይ ብርሃን ንሓያሎ ሰዓታት ኩተቃልዓ ዘይምኽኣልካ እቲ ዝበለጸ ልሙጽ ቈርበት ሰብነት ክህልወካ ዝሕግዝ ኣገባብ ኢዩ። 80 ሚእታዊት ቈርበት ሰብነትና ክዕንዉን ክጨማደዱን ዝኽእሉ ባእታታት ንጸርጊ ብርሃን ጸሓይ ንሓያሎ ሰዓታት ብምቅላዕ ዝስዕቡ'የም። ጸርጊ ጸሓይ ብርሃን ምዕጻው ጭዋዳታት ደም፡ ምዕጣር ቈርበት ሰብነት፡ ሕማም መንሽሮን ካልእን ከኸትል ይኽእል ኢዩ።

ሕማቕ ልምድታት ምውጋድ፡ - ካብ ከም ሽጋራ ምትኻኽን ጽዑቕ ኣልኮላዊ መስተ ምውሳድን ዝኣመሰሉ ልምድታት ነጻ ኹን። ኣብ ኣመሪካ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዩታ ዝርከቡ ተመራመርቲ፡ ሽጋራ ምትካኽ ኣብ ዘይዕድሜኻ ምጭምዳድ ቈርበት ሰብነት ከኸትል ከም ዝኽእል ብመጽናዕቲ ክበጽሕዎ ክኢሎም ኣለዉ። ንኣብነት፡ ኣብቲ ዘካየድዎ መጽናዕቲ፡ ኣብ መዓልቲ ክሳብ ክልተ ጦ ሽጋራ ን25 ዓመታት ከየቋረጹ ዘትከኹ ሰባት ብምጭምዳድ ቈርበት ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ብሓሙሽተ ዕጽፊ ዝዐየደ ምንባሩ'የም ዘረጋግጹ።

ብኣገባብ ምምጋብን ምስታይን፦ ኣብ መዓልቲ ኣብ ዝሰተኻዮ ብዝሒ ማይ ዘለካ ኣድህቦ ኣብ ኣቀራርባኻን መልክዕኻን ብዙሕ ለውጢ ከም ዘለዎ ኣመራጻዊት ክኢላ ቈርበት ክሪስቲና ሃርት ትዛረብ። ኣብ መዓልቲ ካብ ሽዱሽተ ክሳብ ሸሞንተ ቢኬሪ ማይ ወይ'ውን ካፌንን ኣልኮልን ዘተባህሉ ከሚካላት ዘይብሎም ካልእ ዓይነት ፈሳሲ ምውሳድ፡ ቈርበት ሰብነትካ ጠሊ ክህልዎ ሓጋዚ ምኳኑ እታ ክኢላ ትምዕድ።

ንሳ ኣስዒባ ኣመጋግባና ካብ ኣብ ልዑል ፕሮቲን ዘለዎም መግቢታት ከም ኣሕምልትን ፍረታትን ዝኣመሰሉ ልዑል ቫይታሚን ዘለዎም መግቢታት ዝዘዘወ ክኸውን ትመክር።

እወታዊ ኣተሓሳስባ ይሃልኻ፡ - "ነጸብራቕ ናይቲ ኣብ ሓንጎልካ ዘሎ ኣተሓሳስባ ገጽካ ኢዩ" ዝብል ኣበሃህላ ኣሎ። ሕርቃን፡ ጭንቀት፡ ጸቕጢ ኩሎም ዝኣረገን ዝዓጠረን ቈርበት ንኽህልወና ዝገብሩ ኣሉታዊ ስምዒታት ኢዮም። ስለዚ ካብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ስምዒታት ተቖጠብ።




ምንጪ፦ Readers Dagest

## ብልሕኹም ፈትሹ?

| | | | |
|---|---|---|---|
| 3 | 2 | = | 7 |
| 5 | 4 | = | 23 |
| 7 | 6 | = | 47 |
| 9 | 8 | = | 79 |
| 10 | 9 | = | ? |

## መልሲ ዝሓለፈ ግድል

ብጠቕላላ 27 ሽዱሽተ ጎድኒ ዘለዎም ምስልታት ኣለዉ።



# ደቀንስትዮ

# ምኽሪ ጓል ኣርበዓ ንደቂ ሰላሳታት

ነጃት ኣድም

ኣርበዓ ዓመተይ ረጊጸ ኣለኹ። ክልተ ምጩዋት ቈልዑ ብምውላደይን፣ ኣብ ህይወት ብዙተኻናጸፍኩዎም ዝተፈላለዩ ዓወታትን ኣዝየ ሕጉስቲ እየ። እንተኾነ ግን ኣብዚ ሕጂ መበል ኣርብዓ ዓመተይ ዝረግጸሉ ዘለኹ ግዜ፣ ንድሕሪት ክምለስ እንተዝኽእል እናበልኩ፣ ኣቐዲመ ዘዩተግበርኩዎም ክፍጽሞም ዝደሊ ዝተፈላለዩ ነገራት ኣለው። ስለዚ ድማ እየ ኣጥኽን ከይድገም፣ ንዓኽን ደቂ ሰላሳታት ክምኽረክን ደልየ።

- **ንዝኾአ ርእሰኽን ኣፍቅራን ተቐበላ፦** ንእሽቶ እንከለኹ ንጸቡቐን ሕማቐ ነገራተይን እንተዝቕበል ነይረ፡ ካብ ብዙሕ ግጉይ ውሳኔታት ምደሓንኩ ነይረ ኢለ'የ ዝኣምን። ሓንሳእ እንተደኣ ንዝኾአ ርእስና ኣፍቂርናያ፣ ንኻልኦት ምቕባል ኣይጽግመናን። እዚ ከኣ ጥዕናኡ ዝተሓለወ ዝምድና ኣብ ምምራሕ ኣገዳሲ እዩ።

- **ንመንፈስክን ኣህብትማኦ፦** ኣብ ህይወትክን እንታይ የሐጉሰክንን እንታይ ትብህጋን ዘይትፈልጣ እንተደኣ ኴንክን፣ ሓደ ነገር ምፍጣር ፈትና። ክሳዕ ስምዒታት ናጽነትን ተምሳጥን እትረኽባ ከኣ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ካብ ምትግባር ኣይትቖጠባ።

- **ሓገዝ ሕተታ፦** ንዊሕ እዋናት፡ ሓገዝ ካልኦት ሰባት ከይተጸበኹ፡ ንሽግራተይ ኣብ ጕዳ-ርእሰይ ጥራይ ሓጺረ ይጋዓዝ ነይረ። ድሕሪ ግን፡ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ኣዕሩኽ መሓዙትን መቕርብን ምህላው ኣብ ህይወት ኣገዳሲ ምዃኑ ተረዲኤ።

- **ንዝኾአ ርእሰኽን'ምበር ንኻልኦት ኣይትንበራ፦** ንዝኾአ ርእሰይ ዕድል ከይሃብኩ ንኻልኦት ሰባት ኣብ ምክንኻን ዘሕለፍኩዎ ዕድመ ህይወተይ ነዊሕ እዩ። ንጉዕዞ ህይወተይ ከኣ ኣካቢዱዎ። ስለዚ ንኹሉ ሰብ ከሐጉስ ከም ዘይኽእል ዝከር። ንኻልኦት ሓቀኛታት ብምዃን፣ ሓጎስ ክፈጥሩልና ዝኽእሉ ቅኑዓት ውሳኔታት ንውሰድ።

- **ብዙሕ ዘይምጭናቕ፦** ምስ ጭንቀትን ወጥርን ቀጺለ እየ ዝቃለስ ነይረ። ድሒረ ግን፡ ጭንቀት ዘፍርዮ ነገር ከምዘየለ ምስ ተረዳእኩ፣ ንኹሉ ዝጠጥመኒ ነገራት ከም ዝቕበሎ ተማሂረ። ምጭናቕ ኣብ ዘወገድኩሉ ግዜ ከኣ፡ ወጥርታተይ ክቕንጠጡ ጀሚሮም።

- **ኣይትወዳደራ፦** እንሓንሳእ መራኸቢ ብዙሓን ካብ ምክትታል ጠቕሊልኪ ግደፍዮ እዩ ዝመጸኒ። ምስ መሓዙትናን መዙናን ክንወዳደር ጸገም የብሉን። ምስተን ኣብ መሳኹቲ ቻንሎት ተሌቪዥንን ኢንተርነትን ክንርእየን እንውዕል ተዋሳኣትን ሞዴለስታትን ምውድዳር ግና፡ ናብ ዝገደደ ጸገም'ዩ ዝሸመና። ሓንሳእ ኑቲ ጉዕዞ ምስ ጀመርናዮ፡ ዘይውዳእ ጽርግያ እዩ ዝኾና። ምውድዳር፡ ንክብርና ዘህስስ ከንቱ ምኻኑ ርድኢት ምስ ሓዘና ጥራይ ኢና ድማ ካብኡ ጌጋ መንገዲ ንእለ። ሓቂ እዩ ኩሉ ግዜ ኣብኡ ማዕዶ ካብና ዝምልከዐ፣ ዝልብሙን ዝበልጹን ሰባት ክንዕዙብ ንኽእል ኢና። እንተኾነ ንሕና፡ ምስ ንዝኦ ርእስና'ምበር ምስ ካልኦት ሰባት ብምውድዳር እንውስኾ ክብርን ዝናን ከምዘየለ ኢና ክንርዳእ ዝግባኣና።

- **ብዝዕባ ትጽቢታት ንረስዑ፦** ኣብ ህይወተይ ናይ "ልዕልነት" ኣዝሆንሆናት( syndrome) ሒዘ እየ ዓብየ። ወትሩ ሓደ ምልኩዕ ልኡል ተመርዕየ ኣብ ድንቂ ቤት ክንበርኒ እየ ዝሓልም ነይረ። እዚ ሕልሚ'ዚ ድማ ምስቲ ናይ ብሓቂ ህይወት ዋላ ሓንቲ ዘተኣሳስር ኣይነበሮን። ድሕሪ ካልኣይ ሓዳረይ ምፍንጣሐ ከኣ፡ ኩሉ ትጽቢታተይ ሓግሒገ ብምስኮት ምስ ሰንደኹዎ ህይወተይ ብምልኣት ክኩብሮ ጀሚረ።

- **ንኽትሰርሓ ንበራ'ምበር ንኽትንብራ ኣይትስርሓ፦** ህይወተይ ከም ብሓድሽ ንድሕሪት ክመልሳ እንተዝኽእል፡ ብዙሓት ክህልወኒ ዝምኖዎም ሞያታት ሰሪሐ ምፈተንኩ ነይረ። ሓንሳእ እቲ ቅኑዕ ናይ ሞያ መስመር እንተደኣ ሒዝክን ኢኽን'ምበኣር፣ "ስራሕ ምንባር" ዝብል ሓሳብ ከተስተማቕራኦ እትኽእላ። እዚ ማለት ከኣ ንምርጫኻ ምፍታውን ምኽብርን ማለት እዩ። ምኽንያቱ ብዙሓት ሰባት ምእንቲ ክኩብሩ፣ ጌጋ ሞያታት ሐዘም ክጓዕዙ ንርኢ ኢና። እቲ ሓቂ፡ እዚ ዓይነት ህይወት ቅኑዕ ከም ዘይኮነ እዩ።

- **ክቡር ግዜኽን ምስ ግጉያት ሰባት ኣይተጥፍኦ፦** እንሓንሳእ መቕርብናን መማህርትናን እንተደኣ ኮይኖም፡ ካብ ኣሉታውያን ሰባት ክንርሕቕ ይኸብደና እዩ። እንተኾነ ግን ግዜና እንተፍለም ብሉጻት መሓዙት ክንመርጽ ንኽእል ኢና። ምስኦም ኣሉታውያን ሰባት ዝህልወና ዝምድና ጾብ ብምግባርና ከኣ፡ ንኣሉታዊ ጽልዋኦም ዘጉድልን ጕዳ ርእስና ክንከላኸልን ከይምዕብልን ዘኽእል እዩ።

- **ቅድሚ ምስምማዕና ክልተ ግዜ ምሕሰቡ፦** ፍትሕቲ እየ። ንኽውሕጦ ዘሹበደኒ'ኳ እንተኾነ፡ ካብ ዝምድና እንታይ ይደሊ ግና ኣጸቢቐ እየ ዝፈልጥ። ናብ ስምዒታትና ክንጥሕል ኣገዳሲ ቀሊል እዩ። ምስ በዓል-ቤተይ ብሓንሳእ ዝሓለፍናዮም ግዜያት ምስ ጸብጸብኩዎም፣ ካብኡ ብዙሕ ነገር ከምዝድልየኒ ተረዲኤ። ስለዚ ድማ እየ ንሕቶኡ ቀልጢፈ ተቐቢለ ብምውሳን ተመርዕየ። ምስ ግዜ ከኣ፣ ነገራት ክጸብቐልየ ተመሊሹ። ብርግጽ ነገራት ተቐያዩሮም። ግን ናብ ዝኸፍአ መልክዑ። ስለዚ ዘለኽን ዝምድና ክሳዕ መጠረሽታ ከም ዘይከይድ ተረዲእክን፣ መረጻኽንኦ ዘለኽን ሰብ ቅኑዕ ዲዩ ኣይኮነ፣ ንዝኾአ ርእሰኽን ክትሓቲ ይግባእ። ምኽንያቱ ዝምድናታት ምዕጻው፡ ቅድሚ ናብ ዝኸፍአ ምእታው ኣዝዩ ዝቐለለ ከም ዝኾነ ምርዳእ የድሊ።

- **ካልኦት ብዛዕባኽን እንታይ ይሓስቡ ኣይትገደሳሉም፦** ዚ ኣቐዲመ ዝፈልጦ ነይረ እንተዝፈልጥ ክንደይ ጸቡቕ ነይሩ። ነዊሕ እዋን፣ ሰባት ብዛዕባይ እንታይ ይሓስቡን ይብሉን ብዙሕ'የ ዝሸቕረር ነይረ። ርእይቶ ካልኦት ሰባት ብዙሕ ከም ዘይጸልወኒ ምስ ተረዳእኩ ከኣ፡ ቅኑዕ ውሳኔ ክወስድ በቒዐ። ስለዚ ኩሉ ግዜ ከም ጉዳ ርእሰኽን ኴንክን ክትንብራን ንኹሉ ከተሐጉሳ ኣልኽን ዘይምጽዓርን።

- **ለውጢ ተቐበሉ፦** ቈልዓ እንከለኹ፥ ነገራት ተኣብዩትን ቀወምትን ክኾኑለይ እየ ዝደሊ ነይረ። ህይወተይ ንዘልኣለም ከምታ ዝነበርኩዋ ክኩብር ይኽእል'የ ድማ እብል ነርኩ። ንለውጥታት ህይወት ድልውቲ ኣይነበርኩን። ሕጂ ግን እታ እንኮ ኣብ ህይወትና እንእውዳ ነገር እንተደኣ ሃልያ፣ ምልዋጥ ምዃና በሪሁለይ። ስለዚ ኩሉ ግዜ ንለውጢ ድልዋት ኩና።

# ተስፋ ዘስንቑ ሓሙሽተ ዛንታታት ደቀንስትዮ ዓለምና

ኩልና ብሽግር ንፍተን ኢና። ኣብ ዝተፈላለየ ግዜን ብዝተፈላለየ ምኽንያታትን ይገጥመና እዩም - ሽግር። ናይ ጥዕና፡ ቁጠባ፡ ዝምድና፡ ናይ ሞያ፡ ናይ ስራሕን ካልእን ሽግራት ወትሩ ከም ጻላኢት ካብ እግርና ከይተፈለዩ ምሳና ዝጓዓዙ መስርሕ ህይወት እዮም። እወ፡ ኩልና ክንገጥሞም ዘለና ብደሆታት፣ ክንፈትሖም ዝግባኣና ግድላት፣ ክንስዕሮም ዘለና ሽግራት ህይወት ኣለዉና። መብዛሕትና ከኣ ንህላወ ሽግራት ከም ጸገም ንርእዮ። እንተኾነ ግን ቲዮደር ኢሳቅ ሩቢን ዝተባህለ ወሩይ ጸሓፊ ጸቡቕ ገይሩ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ገሊጹ'ሎ። "እቲ ሽግር፣ ሽግር ብምህላዉ ዘይኮነ፥ ሽግር ምህላዎም ምሽጋርና እዩ" ይብል።

ከምቲ ዶክተር ሩቢን ዝበሎ፡ ህይወት፡ ካብ ሽግራት ናጻ ክትኮነልና ምድላይ እዩ እቲ ናብ ሽግር ዘእትወና ቀዳማይ ጌጋና። እዚ ድማ ልክዕ ከምቲ ጨው ዘይብሉ ባሕሪ፣ ኦክስጅን ዘይብሉ ኣየር ምጽባይ እዩ። ከምቲ ብዘይ ጨው ውቅያኖሳትን ባሕርታትን፡ ብዘይ ኦክስጅን ድማ ኣየር ዘየለ፥ ብዘይ ሽግር ህይወት ኣይትህሉን። እቲ ካልኣይ ጌጋና ከኣ ንሽግራት ከም ሽግር ምርኣይ እዩ። ሽግራት ግን ዕድላት ሓዚሎም እዮም ዝመጹ። ካብ ጌጋታት ከይተመሃርና ክንመሃርን ክንዕቢን ስለ ዘይንኽእል። ሽግራት፡ ንነገራት ኣጽፊፍና ክንፍጽሞም እዮም ዕድል ዝፈጥሩልና።

ሓቂ እዩ ኣብ ዓለም ብህይወት እንጸንሓሉ ግዜ ፍሉጥ ኣብ ርእሲ ዘይምዃኑ፥ ብዙሕ'ውን ስለዘይኮኑ ንተሞኩሮታት ህይወት ንኹሉ ፈቲና ክንምኮሮም ስለ ዘይንኽእል፣ ካብ ወጽኢት ተሞኩሮ ካልኦት ሰባት እናተሊቃሕና ኢና እንነብር። ከቢና ነንቡቡ፡ ኣብ ዓለም ካብ ባዶ ተበጊሶም ብሳላ ፋሕተርተሮምን ዘወሰድዎም ብሉጻት ውሳኔታትን ተደሪኾም ዓቢይቲ ዝኾኑ ሰባት እናረኣናን እናተማሃርናን ህይወትና እናቐለስና ንኩብር። ስለዝኾነ ድማ እየ ነዚን ድንቂ ተሰፋታት ከስንቑና ዝኽእሉ፣ ብዙሕ ሽግራትን ሕልኽላኻትን ሰጊረን፣ ዘደንቑ ዛንታታት ዝሰርሓ ሓሙሽተ ደቀንስትዮ ዓለምና፣ ምሳኹም ክካፈሎ ዝመረጽኩ።

እዛ እንርእያ ዘለና ምልክዕትን ምጭውትን ጓለንስተይቲ ኦለሲያ ሺላዲኪና እትበሃል ታይላንዳዊት እያ። ጓል ዕስራ ዓመት ኮይና፡ ብሰንኪ'ቲ ዘጋጠማ ድንገታዊ ሓደጋ፡ ጸጋማይ ኢዳ ጥራይ ዘይኮነትስ እትፈትዋ መሓዛኣ'ውን ከይዳታ እያ። እቲ ኣጋጣሚ ንህይወታ'ኳ ብኣሉታ ጸልዩዋ እንተነበረ ኣይተጻዓደትን። ጺሒሓ ኣብ ፓራሊምፒክ (ናይ ስንኩላን ኦሎምፒክ) ኣብ ምሕምባስ ክትሳተፍ ብምጅማር ክልተ ግዜ ወርቂ ሜዳልያ ብምዕታር ክብረወሰን ክትሕዝ በቒዓ ትርከብ።



ሕልሚ እንተደኣ'ለና፡ ሽግራትን ማሕለኻታትን ካብ ምጭባጦም ኣይክልክሉናን እዮም። ማደሊን ስትዋርት ድማ ሓንቲ ኣብነት ናይዚ እያ። እዛ ምስ ሕማም ዳውን ሲንድሮም ዝተወልደት ማደሊን ኣፈጣጥራኣ ካብ ድሌታ ኣይከልከላን። ጌና ካብ ግዜ ቁልዕነታ ኣትሒዛ ሞደለስት (በዓልቲ ሞያ ሞዴል) ክትከውን ትደሊ ነይራ - ኮይና ከኣ። ጽዑቕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ እናገበረት 44 ፓውንድ ክብደት ብምጉዳል፣ ናይ መጀመርያ ዳውን ሲንድሮም ሞደለስት ብምዃን ናይ ነዊሕ ግዜ ሕልማ ግሁድ ገበረቶ። ምስ "ማኒፌስታ" ዝበሃል ዓቢ ትካል ውዕል ብምፍርራም ናይ ስፖርት ክዳውንቲ እናተኸድነት ኣብ ምውዕዋዕ ትነጥፍ ኣላ። ተበግሶ እንተደኣ ሃልዩ፣ ዘይጭበጥ ሕልሚ የለን ዝበሃል ከምዚ'ዩ።



ኣትለታት መቸም ኩሉ ግዜ ኣትለታት እዮም። ብሆድግኪንስ ሊምፎማ (Hodgkin's lymphoma) ዝበሃል ሕማም ናይ ደም መንሸሮ ተጠቒዓ፣ እትሳቐ ዘላ ጓል 20 ዓመት ዝኾነት ኣመሪካዊት ተጻዋቲት ኩዕሶ ቴኒስ ድማ ነዚ ሓቂ'ዚ ተረጋግጾ። ንሳ ኑቲ ዘለዋ ጥዕናዊ ጸገማት ተጻዊራ ልምምዳ ብምቕጻል፣ ኣብቲ ዝዓበየ ውድድር ጸወታ ባይታ ቴኒስ ተሳቲፋ ዓወት ብምዕታራ፣ ኑቲ ዝዓበየ ቃልሲ ህይወታ ከምዝተዓወተትሉ እዩ ዘርእየና።



ጽባቐ ናይዛ ቻንተል ብራውን ዝተባህለት ሞደለስት ፍሉይን ዘይንቡርን እዩ። ኣብ ግዜ ቁልዕነታ ቻንተል፡ ብጉድለት ባህርያዊ ሕብሪ ቈርበት ሕማም ቪቲሊጎ (ጻዕዳ ሕማም) ከም ዝተጠቕዐት ተረጋገጸ። ምስ ዓበየት ግን ብመንጽር እቲ ዘለዋ ናይ ቈርበት ሕማም፣ ጽቡቕ ቅርጺ ሰውነትን መሸከል ገጽን ከም እትውንን ስለ ዝተረደኣት፡ ኑቲ ሽግር ናብ ረብሓኣ ከተውዕሎ ዓጢቓ ተበገሰት። ኣብዚ ግዜ'ዚ ድማ ህቡብቲ ሞዴለስት ኮይና ትርከብ። "ኣብ ዓለም ጸዓዱን ጸለምትን ሕብሪ ቈርበት ኣለው። ኣነ ግን ክልቲኡ ዘውንን ብምዃነይ ከም ዕድለኛ እየ ንኹብሰይ ዝቖጽሮ" ድማ ትብል።

ኣደ ክልተ ቈልዑ ኮይና፡ ኣብቲ ኣብ ዓዲ ጥልያን ብዓረብያ ንዘንቀሳቕሳ ስንኩላን ደቀንስትዮ ዘሳትፍ፥



ብ"ዓንዳዊ" (Vertical) ዝፍለጥ ውድድር ቊንጅና ተዓዋቲት እያ። ስንያ በዚግሎቫ። ብዘይካ'ዚ ስንያ፡ ኑቶም ብዓረብያ ዝንቀሳቐሱ ስንኩላን ዓለም ጥጡሕ ባይታ ክፍጠረሎም እትጽዕር፣ ዕልልቲ ተጣባቒት ሰብኣዊ መሰላት እያ። ኣብ ህይወታ ኣዝያ ሕጉስቲ ኮይና ብሕጂ ብዙሕ ውጥናት ከምዘለዉዋ ድማ ትሕብር። እዚ ዘደንቕ መንፈስን ዘይጽንቀቕ ተስፋን'ዛ ጓለንስተይቲ'ምበኣር፣ ንኹሉ ዘይከኣል ነገር ክንክእል ከምእንኽእል እያ ኣብኡ ትኾነና።



እወ፡ ህይወት ሓይልና ክትፍትነና ወትሩ ምስ ጸዓረት'ያ። እንተኾነ ግን፡ ቅኑዕ ኣረኣእያ ሒዝና እንተደኣ ጸዊርናዮ፡ ብመንጽር'ቲ ዝገጥመና ሽግራትን ብደሆታትን ዘደንቕ ዓወታት ክንሓፍስ ንኽእል። ዋላ ህይወትና ኣብ ክልተ ቅድምን ድሕርን እንተ ተኸፋፊለት፣ ገጠምና እንዕወተሉ ዘለና ዕድላት ደረት ኣልቦ እዩ። ስለዚ ህይወትና ብሓጎስን ፍስሃን ንምራሓያ። እዘን ዝረኣናየን ደቀንስትዮ ከምኡ እየን ዝምህራና።

# ሊዝናብ

መ/ም ኣብርሃለይ ሃብተ

ኣብርሃም ሊንከን ሓደ ግዜ ወዱ ብኸመይ ክእለየሉ ከም ዝደለ ዝመኽር ደብዳበ ናብ መምህር ወላዱ ለኣኹ፡ " ... እንተ ኽኢልካ መጻሕፍቲ መደነቕ ነገራት ከም ዝኾኑ መሃሮ። ... ይኹንምበር ምስጢር ኣብ ሰማይ ዝበራ ኣዕዋፍ፡ ኣብ ግዜ ጽሓይ ዝወጹ ኣናህብ፡ ኣብ ኣኽራናት ዝበቁል ዕምባታት ከሰላስል ክኽእል ናይ ጽሞና ግዜ ሃቦ።" ቅጽል ኣቢሉ ከኣ፡ "ኣብ ክንዲ ብዒመጽ ትዕወት ክትፈሽል ዝያዳ ዘኽብር ከም ዝኾነ መሃሮ" ዝበል ምኽሪ ሃቦ።

ኣብ 1860 ፕረዚደንት ኣመሪካ ኮይኑ ክሳብ ዝምረጽ፡ ህይወት ኣብርሃም ሊንከን ብፍሽለት ዝመልአ ነበረ። ከምቲ ሊንዳ ካትዝን እተባህለ ምሁራት፡ ህይወት ኣብርሃም ሊንከን ንብዙሓት ሰባት ተሞክሮ ክኾውን ከም ዝኽእል ንምርኣይ (ንኣሸቱ 'ፍሽለታቱ' ከይወሰኸ) ንዓበይቲ 'ፍሽለታቱ' ይዝርዝሩ። ብፍላይ ንመራሕቲ ዓበይቲ ትምህርቲ ክኾውን ከም ዝኽእል ንምዝኽኻር ኣብ ህይወት ሊንከን ከቕልቡ ይምዕዱ። "ካብ ግዜ ናብ ግዜ ህይወት መራሒ ተሰፋ ኣልቦ ክመስል ይኽእል እዩ። ኣብ ኣመራርሓኻ ቀው ኢልካ እንተ ጠሚትካ ኣብቲ ክሰርሖ ዘለዎ እንተ ኣተኲርካ ተስፋ ክትቆርጽ ትኽእል ኢኻ። ኣብዚ ክሕግዘካ በዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ህይወት ዝሓለፈ ሰብ ጠምት" ኢሎም ንፍሽለት ሊንከን - "ዝርኸበ ደርኩቦ ተስፋ ኣይትቑረጽ" ኢሎም ንክምዕዱ ተጠቒሞምሉ።

"እዚ ሰብኣይ እዚ" ይብሉ ከምቲ ሊንዳ ካትዝ፡ "ኣብ 1831 ኣብ ቢዝነስ ፈሺሉ" ኢሎም ኣብ ናይ ዕስራን ትሽዓተን ዓመት ህይወቱ ክሳብ ዓሰርተ ክልተ ዝበጽሐ ዓበይቲ 'ፍሽለት' ከም ዝገጠሞ ይዝርዝሩ። ኣብ 1832 ንናይ ቤት ምኽሪ ቦታ ተወዳዲሩ ተሰዒሩ። ድሕሪ ክልተ ዓመት ከም እንደገና ኣብ ቢዝነስ ፈሺሉ። ኣብ 1835 ኣፍቃሪቱ ሞይቶ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ናይ ኣእምሮ ጸገም ገይሩ። ኣብ 1838 ከም እንደገና ኣብ ምርጫ ተወዳደረ። ክዕወት ግን ኣይከኣለን። ሸውዓተ ዓመት ጸኒሑ ኣብ ናይ ኮንግረስ ቦታ ተወዳደረ። ይኹንምበር ሕጂውን ኣይተዓወተን። ኣብ 1848 ከም እንደገና ንናይ ኮንግረስ ቦታ ተወዳደረ። ኣብዚ'ውን ከም ቀደም ተሰዒሩ። ከም እንደገና ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ንናይ ኮንግረስ ቦታ ተወዳደረ። ሕጂውን ኣይተዓወተን። ሸውዓተ ዓመት ጸኒሑ'ውን ንናይ ሰነተር ቦታ ተወዳደረ፡ ኣብዚ'ውን ተሰዒሩ። ድሕሪ ዓመት ንናይ ምኽትል ፕረዚደንትነት ቦታ ይወዳደር እምበር ሕጂውን ኣይሰለጦን። ኣብ 1860 ኣብ እተገብረ ናይ ፕረዚደንትነት ምርጫ ግን ሊንከን ኣብ ዳሕረዩ ሰለጦ። በዚ ምኽንያት ከኣ ካብ 1831 ክሳብ 1860 ኣብ ዘሎ ዳርጋ ናይ ሰላሳ ዓመታት ህይወት ሊንከን ምውዳቕ፡ምትንሳእ፡ምውድዳር፡ምስዓር ከም እንደገና ምትንሳእ ከም እንደገና ምስዓር ከም እንደገና ምትንሳእ ኢኻ ትርኢ። እዚ ምውዳቕን ምትንሳእን ክሳብ ፕረዚደንት ኮይኑ ደው ዝበል ቀጺሉ።



# መወናወኒ እዩ



ብዙሓት ወለዲ ደቆም ኣብ ትምህርቲ ክዕዕ፡ ኣብ ምንባብ ክድምዑ ይደልዩ። በዚ ምኽንያት ከምቲ ናይ ሊንከን ንመምህራን ደቆም፡ ምንባብ ክምህርዎምን መጻሕፍቲ ከፍቅሩ ክምዕዱሎም ይምሕጸንዎም። ብዘወሰኸ፡ ወለዲ ደቆም ስነፍልጠት ክማሃሩን ኣብኡ ክስልጡን ክድምዑን ምእንቲ ብዛዕባ እንስሳታትን ኣዕዋፍን ኣትክልትን ኣቒጽልትን ክማሃሩሎም ይደልዩ። ኣብ ባህርያዊ ስነፍልጠት ክእለት ክጥርዩ ብዛዕባ ኣኽራንን ሰማያትን ባሕርን ምድርን ክፈልጡሎም ይደልዩ።

ወለዲ፡ደቆም ሓቂ ይምን መማንደሳትን ክኾኑሎም ኣብ ቋንቋን ሕግን ክጸቕጡ ይጸበዩዎም። ሓጺብታትን መንገድታትን፡ ድንድላትን ህንጻታትን ዝሃንጹ ክኾኑሎም ኣብ ባህርያዊ ስነፍልጠት ክድህቡ ይደልዩዎም። በዚ ምኽንያት ምስ ኣብርሃም ሊንከን ይሰማምዑ። "ኣብ ክንዲ ብዒመጽ ትዕወት፡ ክትፈሽል ዝያዳ ዘኽብር ከም ዝኾነ መሃሮ" ዝበል ምኽሪ ኣብርሃም ሊንከን ግን ዝቕበሎ ወላዲ ይህሉዶ ይኾውን?

መብዛሕትኡ ወላዲ ኣብ ወላዱ ክርእዮ ዝደሊ ብስነምግባር እተኸስከሰ ባህሪ እዩ። እቲ ስነምግባር 'ዝዩፈልጥ' ወላዲ እውን ከይተረፈ ወላዱ ቅጹዕ፡ ዘይናቱ፡ ዘጾልዕል፡ ሓቂ ዝዛረብ ክኾኖሉ ይደሊ። በዚ ምኽንያት፡ ወላዲ ንወሉዱ ከም ትኽ ዝበለት ገረብ እምበር ከይጉብጦ ብምኽሪ፡ ብበትሪ፡ ብተግሳጽ ወዘተ ክቕንዖ ይሃልኽ። ዝ. ለይትን መዓልትን ክዝበር ኣይደቅስን። እቲ ምኽንያት ዕላማኡ ትኽ ዝበለ ወላዲ፡ ኣብ ሳዕሊ ዝሓኸረ ወሉድ ክርኢ ስለ ዝደለ እዩ። ዓወትን ቅንዕናን ዝሓዘ ወላዲ ክርኢ ድሌት ስለ ዘለዎ - ክልቲኣን ኣብ ህይወት ወላዱ ክሳብ ዝርእየን ይቃለስ።

ቅንዕናን ዓወትን ብሓደ መንገዲ ዘይከዳ መዓልታት ውሑድ ኣይኮናን። ኣረ ብዙሕ ግዜ ክልቲኣን ብኣንጻራዊ መንገዲ ስለ ዝኸዳ ብሓደ ኣሳሂኻ ክትወስደን ኣይከኣልን እዩ። ከም ለይትን መዓልትን ዝኾናሉ ግዜ ድማ ውሑድ ኣይኮነን። ነቲኣ ክትረኽብ ከለኻ እታ ሓንቲ ትጠፍኣካ። እታ ሓንቲ ክትዝበርቕ ከላ ድማ እታ ሓንቲ ትጽርብ።

"ቅንዕና ቀልዩ ክበልዩ ኣይክእልን እዩ። ቅንዕና ብዘይ እንጌራ እንታይ ይጉብረልይ?" ዝበል ኣዘዩ ኣዘዩ ብዙሕ ሰብ መልሲ ሂቡ ይሰምዓኒ። እዚ ቅንዕናይ እንጀራ ወይ ከኣ ቅንዕናይ ዓወት (እዚ በየን ይምጻእ ዘይግድስ ገዝዑበ'ዩ ዓወት ዝብሃል ዘሎ) ንብዙሓት መሞጎቲ እዩ። በዚ ተኸደክን ወድኽን ይሞተክን ዓይነት መሞጎቲ። እዚ ክልቲኡ ትደልዮ እሞ ክልቲኡ ግን ብሓንሳብ ክትረኽቦ ዘይትኽእል ምርጫ እዩ፡ "ዓበዩ እንጀራ ክረኽብ ኢለ ኣብ ዓበዩ መከራ ኣይኣትዩን'የ።" ዝበል ከኣ ኣሎ - ሰባም ፈራሒ። እዚ ከምዚ ዓይነት ሰብ ምእንቲ ዓበዩ እንጀራ ኢሉ (ብኣጠማምታኡ) ኣብ ዘይስነምግባራዊ ነገራት ክኣቱ ኣይደልን። "ሓቂ ምሳሕ ድያ ወይስ ድራር ክትተሃዚ? ብዘይ ገንዘብ ሓቂ እንታይ ክትጉብረለይ ትኽእል?" ይብል እቲ ቀዳማይ ዓይነት ሰብ፡ እቲ ካልኣይ ዓይነት ሰብ፡ "ዓወት ዲኻ ትደሊ ወይስ ቅንዕና?" ተባሂሉ ምስ ዝሕተት እሞ ድማ ብጥዑይ ሓንቲ ጥራይ ክመርጽ ከም ዘለዎ ምስ ዝፈልጥ ዝመርጾ ፍሉጥ'ዩ።

"ሓቂዶ መዓልያ ክትተካለይ እያ?" ይብል ሽፈጥ ኣብ መድረኽ ሽልማት ክትድይብ ዝረኣየ ተቐዳዳማይ ብሽክለታ፡ ጉያ እግሪ ወይ ከኣ ተጻዋታይ ባይታ ተኒስ፡ እዚ ሰብ እዚ ቅድሚ ኣብ ዝመጽእ ውድድር ምእታዉ ኣጸቢቑ ከም ዝማታእ ፍሉጥ እዩ። ኣየናይ ምርጫ ክወስድ ከም ዘለዎ ንኽውሰን ከኣ ኣጸቢቑ ክሓስብ እዩ። መንገዲ ጸገም ምኻድ እንታይ ሳዕቤን የምጽእ ኢሉ ከኣ ክሓስበሉ'ዩ። ድሕሪ'ዚ እዩ ውሳኔኡ ዝወስድ።

ሽፈጡ ኣብ መድረኽ ሽልማት ክድይብ ከም ዝሓልም ፍሉጥ እዩ። ብሓገስ ዘሰራስር ዓወት ክጭብጥ ክሓስብ ክንደ'ቲ ከቢድ ከም ዘይከውን እውን ኣይስሕቶን። ምስቲ ዓወት ዝመጽእ ሽልማት ገንዘብ እውን ከም ዘወናውኖ ከም ርዱእ ክወሰድ ይከኣል። ዳሕራይ ተመርሚሩ ኣብ ደሙ ሓይሊ ዝህብ ቀመም እንተ ተረኺቡ ግን እቲ ውርደት ኣይከኣሎን እዩ። "እንታይ ይሓይሸ?" ዛ ሕቶ እዚኣ ሽሕ ግዜ ክሓታ እዩ። "ሓይሊ ዝህብ መድሃኒት ወሲደካዶ ኣብ መድረኽ ምድያብ ወይስ ሓቂ ሒዙካ ምውድዳር?"

ዓወት መወናወኒ እዩ፡ ኣዝዩ ተሃራፊ። ከም ናይ ክረምቲ በለስ ከኣ፡ "ብልዓኒ፡ ብልዓኒ" ይብለካ። ብፍላይ እቶም ዘይትውግኡሉን መስዋእቲ ዘይትኸፍሉሉን እንተኾንካ ኣዝዩ መወናወኒ እዩ። ከስሕተካ ከኣ ይኽእል።

ዓወት ከም ዘዕንጉዩ ገንዘብ ክወሰድ ይከኣል። ኣብ መንገዲ ወዲቑ ትረኽቦ ገንዘብ ድማ ይመስል። ገለ ሕልና ዘለዎ ነቲ ገንዘብ ናብ ፖሊስ የረክቦ። እዚ ዓይነት ሰብ ቡዩም ሕልና ዘይብሎም ሰባት "በሃም" እዩ። "ኣምላኽ እኮ ካብ ሰማይ ከም ማና ገንዘብ ኣየዘንብልካን እዩ" ኢሎም ንኸምዚ ዝኣመሰለ ቅኑዕ ሰብ ይማዓትዎ። "ሕጂ ፖሊስ እንታይ ክንብረልካ'ዩ ክንርኢ ኢና! እስኪ ናይ ምስጋና ወረቐት እንተ ሂቦምኻ ድማ ክንርኢ ኢና!" ኢሎም የጭጭውሉ። ብዘይ ቅንዕና ዝርከብ ዓወት ከኣ ከምዚ ዘይገንዘቦ ምውሳድ እዩ።

ብሓፈሻ መወዳደሪ ሜዳ ንኹሉ ተወዳዳሪ ሓደ ዓይነት እዩ። ንኹሉ ልሙጽ ወይ ከኣ ንኹሉ ኩርኳሕ። ንኹሉ ማሰናኸል ዘለዎ ወይ ከኣ ንኹሉ ማሰናኸል ዘይብሉ። ኣብ ናይ ውድድር ዓለም ንገለኡ ልሙጽ ንገለኡ ሓርፋፍ ዝብሃል የለን።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ክወዳደሩ ዝደልዩ ስፖርተኛታት ሓደ ዓይነት መወዳደሪ ሜዳ ወይ ሓደ ዓይነት መወዳደሪ ናውቲ ዝወሃቦም 'ተወዳደርቲ' ካብ ካልኦት ተወዳደርቲ ዝበልጹሉ 'ብልጫ' (ኣድቫንተጅ) እተመንጠሉ ማሰሉ ክስምዖም ግድን እዩ። እቲ ሰራዒ ውድድር ኣካል ሜዱ መወዳደሪ ናውቲ ወይ ካልእ ኩነታት 'ብልጫ' ዘይምጥዎም እንተኾይኑ ባዕሎም ብልጫ 'ክፈጥሩ' ግድን ይኾውን።

እቲ ሽልማት ትርጉሙ እቲ መቐጸዕቲ ፈኩስ ምስ ዝኾውን ከምዚ ዓይነት ሰባት (እዚኦም ዘርኦም እናሰሰነ ዝኸይድ ዘሎ) 'ክስሕቱ' ይሓስቡ እዮም። እቲ ኩነታት ኣሽሓት ዶላር ዘውህብ ምስ ዝኾውን ትም ኢልካ መቸም ክሕልፍዎ ማንም ሰብ ኣይጸበዮምን'ዩ - ብኣተሓሳስባኦም። እቶም ኣዳለውቲ ንገዚኦ ርእሶም ተወዳደርቲ እንተ ዝኾኑ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ብልሽውና ኣይምጡሓሉንዶ? እዚ ኣብ ፊቶ ክንሰምዮ ዝቐንና ሕንፍሽፍሽ መጠበሲኡ እዚዶ ኣይኮነን?

ሓቂ ይሓይሽ ዓወት መወናወኒ እዩ። መስሓቲ ድማ እዩ። በዚ ምኽንያት፡ "ኣብ ክንዲ ብዒመጽ ትዕወት ክትፈሽል ዝያዳ ዘኽብር ነገር ከም ዝኾነ መሃሮ" ንዝበል ምኽሪ ኣብርሃም ሊንከን ክንደይ ወለዲ ክሰምዕዎ ይኽእሉ?

ህርፋን ዓወት ናብ መንገዲ ጸገም ክመርሕ ዘለዎ ሓይሊ ቀሊል ኣይኮነን። ምእንቲ ረብሓ ሕብረተሰብ ግን ነፍሲ ወከፍ ሰብ ነዚ ምኽሪ እዚ ክቕበሎን ክሰምዖን ኣድላዪ እዩ። እቲ ምኽንያት ሕብረተሰብ ምስ ዘይቀስን ውልቀ ሰባት'ውን ክቕስኑ ስለ ዘይክእሉ። እቲ ዝረኸብዎ ረብሓ ከኣ ሕልሚ ኮይኑ ስለ ዝተርፍ።

# ምልክታ

ደሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ኣቶ ዘሙይ ገብሩ ይሕደጎን ወ/ሮ ዘውዲ ተኽለ ረታ፡ ወድና ሰመረ ዘሙይ ገብሩ ስለዝተሰውኣ፡ ኣይተመርዓውን ውላድ ውን ኣይሓደገን ስለዚ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዊንታ ጸሃየ ወልደሰማይት ብወኪላ ወ/ሮ ፍረወይኒ ጸጋይ ተስፋጋብር፡ ተኸሳሲ በዓል ቤተይ መብራህቱ መሓሪ የውሃንስ ሃለዋቱ ስለዘይብለይ ብኣካል ወይ ብወኪሉ ን30/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀረበ ኣብ ዘየለኻሉ ጉዳዩ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ 4 ኣስመራ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ኣልማዝ ወልደሚካኤል ሞግዚት ኣቶ ኣልጋወራሽ ወልደሚካኤልን ተኸሳሲ ኣቶ ጸጋይ ተኽሉ ሃይለን ዘሎ ናይ ሓዳር ክርክር፡ ተኸሳሲ ብኣድራሻኻ ክትርከብ ስለዘይከኣልካ እሞ ከኣ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀረብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ከባቢ ዕዳጋ ሓሙስ

ኣቶ ኣብርሃም ዳዊት ወልደዮውሃንስ፡ ወላዲና ኣቶ ዳዊት ወልደዮውሃንስ ገብረዝጊ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። ተቓዋሚ ምስ ዘይቀርብ ቤ/ፍ ውሳነ ክህበሉ ምዃኑ የፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ንፋስ

ወ/ሮ ጸሃይቱ ዑቅቡ ማሉ በዓል ቤተይ ተስፋይ ገብረገርግሽ ኪዳኑ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ንፋስ

ሓበን ወልደንኪኤል ገብረኣምላኽ፡ በዓል ቤተይ ፍትሓዊ ሃብተኣብ ጎይትኦም ካብዚሃገር ስለዝወጸ ኣይፍትሕቲ ኣይበዓልቲ ሓዳር ኮይነ ስለዘለኹ፡ ስለዚ ክፋታሕ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሕምብርቲ

ኣቶ ወልደማርያም ገ/እንድሬስ፡ ወድና ወልደትንሳኤ ወልደማርያም ገ/እንድርያስ ስለዝተሰውኣ፡ ኣነ ምስ ወላዲቱ ወ/ሮ ምልእተ ክፍለ ኣልመዶምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓደውሒ

መርሃዊ ኣማኑኤል ገብረሚካኤል፡ ኣቦና ኣማኑኤል ገብረሚካኤል ስለዝተሰውኣ፡ ኣደና ሂወት ኣርኣያ ድማ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ደቂ ሌፋይ

ወ/ሮ መሓርተ ይመስገን ተስፋሃንስ በዓል ቤተይ ሰርገንቲ ለባሲ ሓጎስ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቅና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ከረን

ሕሪት ዓፋ እድሪስ ምባል ተሪፉ፡ ጅምዓ ዓፋ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዛህራ ዓሊጃምዕ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ኬርያ ዓሊጃምዕ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤንሆር ሙሉጌታ ያቀብ ምባል ተሪፉ፡ ኣቤል ሙሉጌታ ያቀብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓብዱ እድሪስ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ዓብዱ ኣጀረ ገመዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ከባቢ ከረን 02

ሃይማኖት ረዳ ኣባይ፡ ጓለይ ሰለማዊት ኣማንኤል ጳውሎስ ስለዝሞተት፡ ወራሲ ወዳ ኣቤል ፍስሃየ ጥራይ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ኣቶ ምሕረትኣብ ገብረገርግሽ ጉልበት ምባል ተሪፉ፡ ኣንገሶም ገብረገርግሽ ጉልበት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/16 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባኣያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስቴር ክፍለ ወልደገብርኤል ምባል ተሪፉ፡ ኣስቴር ጎይትኦም ክፍለ ወልደገብርኤል፡ ስም ኣደይ ድማ ለተሃይማኖት ያሬድ ምባል ተሪፉ፡ ባንቺወሰን መንግስቱ መኮነን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/16 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባኣያ ይቕረብ።

ፍቓዱ መንግስትኣብ ገ/ሚካኤል፡ ስም ኣደይ ዘውዲ ሓደራ ምባል ተሪፉ፡ ለተጽዮን መንግስትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/16 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባኣያ ይቕረብ።

## ደቀምሓረ

ወ/ሮ ተብርህ ስዩም ዓንደመስቀል ምባል ተሪፉ፡ ተብርህ ነጋሽ ተመልሶ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ሰንዓፈ

መሓመድ ኣልኣሚን ሓሰን ሓይደር ምባል ተሪፉ፡ ኣልኣሚን ሓሰን ሓይደር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣበባ ዑቕበ ገብረ፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ጓለይ ፍረሰላም ሃብተ ምባል ተሪፉ፡ ደናይት ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


## ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ ሓ.ዝ.ብ.ማ.

## ዓቢ ምጉዳል ዋጋ

ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ብሙሉኡ እንቋዕ ናብ ብሩራዊ ኢዮቤልዩ መበል 25 ዓመት በዓል ነጻነት ኣብጽሓካ እናበለ ሰናይ ምንዮቱ ብዓቢ ኣኽብሮት ይገልጽ።

ብምኽንያት ኢዮቤልዩ በዓል ናጽነትና ካብ 16 ግንቦት 2016 ክሳብ 4 ሰነ 2016 ዝጸንሕ ኣብ ኩሎም ፍርያት ትካልና ክሳብ 35% ዝበጽሕ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ከምዝገበርና ንክቡራትን ክቡራንን ዓማዊልና ነበስር ። ንዓበይትን ንናእሽቱን ፣ ንደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዝኾኑ ፣ ዝተፈላለዩ ዓይነት ማልያታት ፣ ሙታንቲ ፣ ካምቻ ፣ ስረ ፣ ኣንሶላ ፣ ኮፕረሌቶ ፣ ኮምፕላስዮኒ ፣ ጋውን ወዘተ ኣብዘን ዝስዕባ ናይ መሸጣ ድኳናት ኣዳሊናልኩም ኣሎና።

- ❖ ኣብ ኣስመራ፦ ኣብ ድኳን ትካልና ጎደና ተጋደልቲ ፊት እንዳኖራ
  - ኣብ ድኳን ሃብተ ተድላ ጎደና ከረን ቁጽሪ 29
- ❖ ኣብ መንደፈራ፦ ሩት ቡቲክ ጥቓ ጅራ ፍዮሪ
- ❖ ኣብ ደቀምሓረ፦ ፎዝያ ቡቲክ ጥቃ ዕዳጋ
- ❖ ኣብ ከረን፦ ዱባይ ቡቲክ ጥቓ ባንክ ኣባይትን ንግድን

ካብ 16 ግንቦት 2016 ክሳብ 4 ሰነ 2016
ካብ ሰዓት 08:00 ቅ/ቀ ክሳብ ሰዓት 07:00 ድ/ቀ
ኩሎም ናይ መሸጢ ድኳናትና ክፉታት ኰይኖም ንዓማዊልና ከገልግሉ እዮም።

ኣድራሻና ፦ ጐደና ተጋደልቲ ፊት እንዳኖራ
ተሌፎን 182967 / 186405
ኣስመራ

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ገብራይ

1.ወልደኪኤል ገረንስኤ 2.ምላሹ ገረንስኤ 3.ነፍ/ንጉሰ ገረንስኤ ወራሲት ተተካኢት በዓልቲ ቤቱ ማመት ኣብራሃም፡ ሓፍትና ታቦቱ ገረንስኤ ገረማርያም ስለዝሞተት፡ ኣቦኣን ኣደኣን ስለዝሞቱ፡ ንሕና ኣሕዋታ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ፈለስቲ

ኣቶ እዮብ ተኽለማርያም ምስ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኣብርሀት ተስፋማርያም፡ ወድና ረቤያል እዮብ ስለዝሞተ፡ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ መነኹሰይቶ

ወ/ሮ ጣዕሙ ወልደዮውሃንስ ዓንዳይ በዓል ቤተይ ቀሺ ኣብርሃ ዓንደሚካኤል ነጸረ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይነሳቐስ ንብረት ወራሲት ምኳና ይረጋገጸላ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ መንደፈራ

ወ/ሮ ኣራደሽ ገብረዝጊሄር ንጉሰ በዓል ቤተይ ፊተውራሪ መሓሪ ገብረኪዳን ተወልደ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይነሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ መለብሶ

ሓሲነ ዓብደላ እድሪስ፡ በዓል ቤተይ ኣሕመድ ዑስማን እድሪስ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


Eritrean Airlines
Gateway to Africa

## VACANCY FOR POST OF CABIN ATTENDANTS

JVERINAS is looking to recruit Cabin Attendants (Flight Hostesses).

Ensuring the safety and comfort of our Passengers is paramount. We will be relying on you to create a memorable experience by delivering the highest standards of Customer Service with enthusiastic and friendly manners.

The position can be quite busy and physically demanding. The ideal candidate has to be prepared to work on any day of the year, at any time of the day.

**Your Profile:**

- Minimum age 18 maximum age 27 years.
- Physically fit.
- Minimum height 160 cm
- Adequate level of education (12grade and +)
- Language spoken and written required: English; other languages are considered as an asset.
- Friendly and personable.
- Mature in attitude and look.
- Excellent communicator with people of all ages and cultures.
- Deliver excellent customer service.
- Flexible and able to take direction and accept feedback.
- Flexible approach to working hours.
- Salary as per the company scale
- Candidates must proof with the Competent Authorities' certificate completing or exemption from NATIONAL SERVICE and hold valid Eritrean Passport.

Nasair Eritrea

- Interested Candidates may send (only by Post Office) detailed CV, copies of documents, certificates and recent full body picture together with handwritten covering letter not later than 11 June, 2016 .

**JVERINAS P.O.BOX 11915 – Asmara ERITREA**

N.B.Please note that incomplete applications will not be taken into consideration.

Those who are shortlisted only will be contacted.




ተስፋኣለም የማነ

# ንግዳዊ ሽርክና ሞሮኮን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ይድንፍዕ



ሞሮኮን ሕብረት ኤውሮጳን፡ ኣብ 2015 ኣብ መንጎኦም ናይ 33 ቢልዮን ዶላር ንግዳዊ ልውውጥ ከም ዝተኻየዱ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ሞሮኮ ዓብደሊላህ በንኪራረ ገሊጹ።

እቲ በዓል-ስልጣን፡ ሰሜን ኣፍሪቃዊት ሃገረ ሞሮኮ ኣብቲ ዓመት'ቲ 63.6 ሚእታዊት ናይ ሰደድ ፍርያታ ናብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ከተቕርብ እንከላ፡ ብኣንጻሩ ካብ ናይ ደገ እትዋርዶ እቲ 52.7 ሚእታዊት፡ ፍርያት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ከም ዝነበረ ሓቢሩ። በዚ ከኣ እቲ ሕብረት ስትራተጂያዊ መሻርኽቲ ሃገሩ ኮይኑ ከም ዝቕጽል እቲ በዓል-ስልጣን ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ብመሰረት'ቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ካብ 2011 ክሳብ 2015 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ መጠን እታው ሞሮኮ ብ12.3 ቢልዮን ዶላር ክውሰኽ እንከሎ፡ መጠን ሰደድ ድማ ብ13.5 ቢልዮን ዶላር ዓቢዩ። ኣብ መንጎ ሞሮኮን ሕብረት ኤውሮጳን ካብ ዝካየድ ንግዳዊ ልውውጥ፡ ሕርሻዊ ፍርያት 15 ሚእታዊት ጥራይ ከም ዝሽፍን'ውን እቲ መራሒ. ጠቒሱ። ሞሮኮ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ቁጠባውን ንግዳውን ጸገማታት ድሕሪ ምትእትታዋ፡ ቁጠባኣ ጥዕና ዘለዎ ዕብየት ከርኢ. ጀሚሩ ከም ዝሎ'ዩም ክኢላታት ናይ'ቲ ዓውዲ ዘመልክቱ።

# ስሪላንካ "ዜጋታተይ ናብ ሃገራት ዓረብ ኣይልእኽን" ትብል

ስሪላንካ፡ ኣብ ሃገራት ወጻኢ. ኣብ ስራሕ ክድምና ተዋፊሮም ዘለዉ. ዜጋታታ ዝተፈላለየ በደላት ይወርዶም ከም ዘሎ ብምምልካት፡ ካብ ሎሚ ንደሓር ዜጋታታ ንኽድምና ናብ ወጻኢ. ሃገራት ብሓፈሻ፡ ናብ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ድማ ብፍላይ ከም ዘይትልእኽ ኣፍሊጣ።

ሮይተርስ ንኣፈኛ መንግስቲ ብምጥቃስ ትማሊ. ኣብ ዘርግሖ ሓበሬታ፡ ስሪላንካ ንኽድምና ናብ ወጻኢ. ዝኸዱ ዘለዉ. ዜጋታታ ኣብ ርእሲ'ቲ ብኣሰራሕቶም ዝወርዶም ዘሎ ኢ-ሰብኣዊ በደላት፡ ኣብታ ሃገር'ውን ሕጽረት ናይ ዓያዩ ጉልበት የኸትሉ ስለዘለው፡ እቲ መንግስቲ ነቲ ጉዳይ ዳግመ-ግምት ክገብረሉ ከም ዝተገደደ ኣመልኪቱ። ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ፡ ኣብ 2013 ጥራይ ኣብ ወጻኢ. ዝሰርሓ ኣስታት 1,650 ስሪላንካውያን ከደምቲ ካብ ኣሰራሕተን ጸታዊን ኣካላውን ዓመጻት ኢጋጢሙወን ነይሩ። ሓያለ ካልኦት እውን ተቐቲለን።

ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ተደኲና እትርከብ ደሴት ስሪላንካ፡ ኣብ ወጻኢ. ካብ ዝሰርሑ ዜጋታታ ዓመታዊ 7 ቢልዮን ዶላር ከም ዝለኣኸሉ ይሕበር። እዚ ከኣ ነቲ ልዕሊ. 82 ቢልዮን ዶላር ዝትመን ቁጠባኣ ዓንዲ-ሕቖ ምዃኑ ክኢላታት ስቁጠብ የረድኡ።



# ጀርመን ኣብ ጉዳይ ህልቂት ኣርመኒያ ድምጻ ትህብ

ባይቶ ጀርመን፡ ቅድሚ 100 ዓመት ብኦቶማን ሃሰማን (ቱርኪ) ኣብ ልዕሊ. ኣስታት 1.5 ሚልዮን ኣርመኒያውያን ዝተፈጸመ ቅትለት፡ ጃምላዊ ህልቂት ምዃኑን ዘይምዃኑን ንምውሳን ድምጺ ክህብ ኣብ ዝቐራረበሉ ዘሎ እዋን፡ ቱርኪ. ቁጠዓኣ ትገልጽ ኣላ።

ሓድሽ ቀዳማይ ሚኒስተር ቱርኪ. በናሊ. ዩልደሪም ትማሊ. ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ባይቶ ጀርመን ነቲ ብኣባላቱ ቀሪቡ ዘሎ ንቅትለት ኣርመንያውያን "ጃምላዊ ህልቂት" ዘጠምቕ ሓሙሽተ ገጽ ዝበዝሑ እማመ እንተድኣ ኣጽዲቑዎ፡ ሃገሩ ምስ ሕብረት ኤውሮጳ ብሓፈሻ ምስ ጀርመን ድማ ብፍላይ ዘለዋ ዝምድና ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ምዃኑ ኣጠንቂቑ። እቲ በዓል-ስልጣን ወሲኹ፡ ሃገሩ ዋሕዚ.ን ቅልውላውን ስደተኛታት ንምህዳእ ቅድሚ ሓደት ኣዋርሕ ምስ ሕብረት-ኤውሮጳ ዝኣተወቶ ውዕል'ውን ኣብ ምልክት ሕቶ ክኣቱ ከም ዝኽእል ኣተሓሳሰበ። "ኣብ 1915ን 1916ን ዝተፈጸመ ቅትለት፡ ጃምላዊ ህልቂት ምዃኑን ዘይምዃኑን ዝፈርዱ ፖለቲከኛታት ዘይኮኑ ተመራመርቲ ታሪኽ'ዮም" ዝበለ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ባይቶ ጀርመን ነቲ እማመ ብድምጺ. እንተደኣ ኣጽዲቑዎ እቲ ጉዳይ ኑቶም ኣብታ ሃገር ዝነብሩ 3.5 ሚልዮን ቱርካውያን ኣመና ከቖጥዖም ምዃኑ ኣረዲኡ። ድሮ'ውን ሓያለ ካብቶም ኣብ ጀርመን ዝነብሩ ቱርካውያን፡ "ልዕሊ. 90 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ. ቱርኪ. ኣብ ልዕሊ. ኣርመኒያውያን ጃምላዊ ህልቂት ከም ዘይተፈጸመ'ዩ ዝኣምን" ዝብል ዳቡዳብ ናብቲ ባይቶ ልኢኾም ኣለው።

ዝኾነ ቅትለት 'ጃምላዊ ህልቂት' ክበሃል እንተኾይኑ፡ ሓደ ህዝቢ. ብሰንኪ. ሃገራውነቱ፡ ዓሌቱ፡ ትውልዱ ወይ ሃይማኖቱ፡ ኣብ ልዕሊኡ ደይመደይ ኣልካ ናይ ምጽናይ ስጉምቲ ክውሰድ ኣለዎ። በዚ ከኣ ቱርኪ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ. ኣርመናውያን ዝተፈጸመ ቅትለት ብሰንኪ. ኩናት ዝሰዓበ ደኣ'ምበር ብፍላጥ ዝተፈጸመ ጃምላዊ ህልቂት ከም ዘይኮነ ብምግላጽ፡ ዝኾነ ይቕሬታ ከም ዘይትሓተሉ'ያ ደጋግማ ክትሕብር ጸኒሓ። ኮይኑ ግን ሩስያ፡ ፈረንሳን ኢጣልያን ዝርከባኦን 20 ሃገራት ኣቐድም ኣቢለን ነቲ ቅትለት "ጃምላዊ ህልቂት" ክበሃል ኣፍልጦአን ምሃበን ይሕበር።



# ቬነዝዌላ ንመራሒ 'ውድብ ሃገራት ኣመሪካ' ትኹንን



ዋና ጸሓፊ ውድብ ሃገራት ኣመሪካ (OAS) ሉዊስ ኣልማግሮ፡ ኣንጻር ቬነዝዌላ ዝዓለመ ፍሉይ ኣኼባ ክካየድ ናብ ኣባል ሃገራት መጸዋዕታ ብምቕራብ፡ ካብ መራሒ. ቬነዝዌላ ተሪር ኩነኔ ገጢሙዎ።

ብመሰረት ሺንህዋ፡ ፕረዚደንት ቬነዝዌላ ኒኮላስ ማዱሮ ዝኢ. ኣመልኪቱ ብረቡዕ ኣብ ዘሰምዖ መግለጺ፡ እቲ ዋና ጸሓፊ ኣቕሪቡዎ ዘሎ ጻውዒት፡ ኣመሪካን ካልኦት ሓይሊታትን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሃገሩ ቀሊዕ ምትእትታው ንኽገብራ ዝዕድም ከም ዝኾነ ኣረዲኡ። ሉዊስ ኣልማግሮ፡ ቬነዝዌላ ካብቲ ውድብ ንምድስካል ዝዓለመ ኣኼባ ኣብ ዝመጽእ መፋርቕ ወርሒ. ሰነ ክቃናዕ ዝጠልብ ጻውዒት'ዩ ዝሓለፈ. ሰሙን ኣቕሪቡ። ፕረዚደንት ማዱሮ ብወገኑ፡ "ሉዊስ ኣልማግሮ ከም ዚ. ዓይነት ጻውዒት ከቕርብ ሓላፍነት ኮነ መሰል የብሉን" ድሕሪ ምባል፡ ተግባራቱ ኑቶም እቲ ውድብ ዝቖመሉ መትከላትን ዕላማታትን ዝጻረር ምዃኑ ገሊጹ። ንሱ ወሲኹ፡ እቲ ዋና ጸሓፊ ዘቕረቦ ጻውዒት ንክፍሊ. ጉዳያት ወጻኢ. ኣመሪካን ፕረዚደንት ኦባማን እንተዘይኮይኑ ንውድብ ሃገራት ኣመሪካ ፈጺሙ ከም ዘይውክል ኣስምሪሉ።

ኣስታት 30 ሚልዮን ህዝቢ. ዘለዋ ቬነዝዌላ፡ ብሰንኪ.'ቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊኣ ኣጸኒዓቶ ዘላ ማዕቀብን ምንቅልቓል ዋጋታት ነዳዲን፡ ኣብ ከቢድ ቁጠባዊ ልውላው ከም እትርከብ'ዩ ዝግለጽ። ተቓወምቲ ናይ'ታ ሃገር፡ ፕረዚደንት ማዱሮ ካብ ስልጣኑ ንምእላይ ህዝባዊ ረፈረንደም ክካየድ ክጸውዑ ከለዉ፡ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሃገራት ኣመሪካ ሉዊስ ኣልማግሮ ድማ፡ "ቬነዝዌላ ብሰንኪ. ማዱሮ ኣብ ከቢድ ሰብኣዊ ቅልዋልው ወዲቓ" ብምባል ተቓውሞኡ ክገልጽ ጸኒሑ። መራሒ. ቦሊቪያ ብወገኑ፡ እቲ ውድብ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ቬነዝዌላ ካብ ምእታው ክሕዶብ ብትሪ ኣጠንቂቑ ኣሎ።

# ህንዲ - ኣሸሓት ሰባት ብዝተበከለ ደም ይጥቅዑ

ኣብ ህንዲ፡ ኣብ ውሽጢ.'ዘን ዝሓለፋ 17 ኣዋርሕ ዝተበከለ ናይ ልግሲ. ደም ወሲዶም ብኤች.ኣይ.ቪ. ቫይረስ ዝተለኽፉ ልዕሊ. 2 ሽሕ ህንዳውያን ከም ዝተረኽቡ ተሓቢሩ።

ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ፡ ብሃገራዊ ማሕበር ምቁጽጻር ኤይድስ'ታ ሃገር ንዝተዘርግሐ ጸብጻብ ምርኩስ ብምግባር ኣብ ዘርግሖ ሓበሬታ፡ ካብ ዝሓለፈ. ጥቅምቲ 2014 ክሳብ መጋቢት 2016 ኣብ ዝነበረ ግዜ ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ደም ካብ ዝተለገሰሎም ህንዳውያን፡ 2,234 ብኩል ደም ወሲዶም ቡቲ ቫይረስ ተለኺፎም ከም ዝጸንሑ ኣመልኪቱ። ኢታ ፕራደሽ ድማ እታ ዝበዝሑ ግዳያት ዝተረኽቡላ ክፍለ-ሃገር ምዃና እቲ ሓበሬታ ወሲኹ ኣረዲኡ።

እቲ ጸገም ብወዝቢ. ዘጋጠመ ሓደጋ ከም ዘይኮነ ዝሓበረ ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ፡ ብሰንኪ. ኣብ ሆስፒታላት'ታ ሃገር ዘሎ ዓቕሙ ዝሓለፈ ሽለልትነት ኣብ ኣተሓሕዛን ምሕደራን ደም ዝሰዓበ ምዃኑ ንክኢላታት ህንዲ ብምጥቃስ ሓቢሩ። እንተኾነ ሰብ-መዚ. ጥዕና ህንዲ፡ ኩለን ሆስፒታላት ካብ ለገስቲ ዝቕበልኦ ደም ካብ ኤች.ኣይ. ቪ.ን ወይቦን ዓሶን ናጻ ምዃኑ ንኸረጋግጻ ግዴታ ከም ዘለወን ብምምልካት፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ሳዕቤን ንምፍላጥ መርመራ ከም ዘካይዱሉ ሓቢሮም። ብመሰረት ጸብጻብ መንግስቲ ህንዲ፡ ኣብታ ሃገር ምስ ኤች.ኣይ.ቪ. ዝነብሩ ኣስታት 2.5 ሚልዮን ሰባት ኣለው።

